# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.44 | ረቡዕ 21 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ወራሪ ከም ግዳይ፡ ጥርዓን ብልጽግናን ብልጽግናብ ባይቶ ጸጥታ

ገጽ 4

“ዲጂታዊ ሓበሬታ ምስ ምትእትታው …

ገጽ 5
ጽልዋታት ዓውለማዊ ቴክኖሎጂን ኣብ ባህልን ክብርታትን


ገጽ 9
ገስጋስን ተወፋይነትን


ገጽ 11
ስፖርታዊ ወድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ይቕጽል



## ኣብ ኢጣልያ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ኣንጎላን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ዘተኰረ ህዝባዊ ሰሚናራት ተኻዪዱ





ኢጣልያ



ጁባ (ደቡብ ሱዳን)



ኣንጎላ

ኣብ ኢጣልያ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ኣንጎላን ንዝነብሩ ዜጋታት፡ ብ18 ጥቅምቲ ኣብ ህሉው ኩነታት ዘተኰረ ህዝባዊ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ሮማ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም ኣብ ቦሎኛ፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ድማ ኣብ ባሪ ተረኺቦም፡ ኣብ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታትን ምዕባለታትን ዞባና ዘተኰረ ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ልዕሊ 650 ኤርትራውያን ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣብ ጁባ - ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ድማ፡ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ጺጋይ መሓሪ ከምኡ’ውን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ሮሞዳን ኣሕመዲንን ዞባዊ ርግኣት ንምርግጋጽ መንግስቲ ኤርትራ ንዘጉብሮ ዘሎ፡ ኣብ ሓድሕድ ምኽባር ዘተኰረ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ “ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ብምባል፡ ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃን ሃገራት ደብባዊ ዞባ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ጆሃንስበርግን ከባቢኣን ንህሉው ኩነታት ዘብርህ መግለጺ ኣብ ዝሃበሉ፡ ዜጋታት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ፡ ዜናውን ባህላውን መኸተ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክህልዎም ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኣንጎላ ኣቶ ደሳለ ተኽለኣብ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሉዋንዳ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዝድህስስ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንምውሓስ ዘለዎም ድሉውነት ብምርግጋጽ፡ ሓሙሽተ ነጥብታት ዝሓዘ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

## ቅሮራ - ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ውጽኢት ተረኺብዎ



ኣብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ፡ ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ ዝተገብረ ወፍሪ ዝምስገን ውጽኢት ከምዝተረኽበ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሓቢሩ።

ኣብ መዳይ ትምህርቲ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ፣ ኣብ መዳይ ጥዕና ድማ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ኣብ እማህሚመ፡ ሓንቲ መደበር ጥዕና ድማ ኣብ ቅሮራ ኣለዋ።

ንኣገልግሎት ማይ ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ቅሮራ፡ እማህሚመን ሻካትን ምንጪታት ማይ ተዋሒሱ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣቶ እድሪስ፡ ናይ ዓምበርበብን ዓራግን ኣብ መስርሕ ከምዘርከበ ኣብሪሁ።

ዜና

# ማእከል - ንጥቕሚ ሳዕቤናት ጉድለትን ኣዮዲን ዝምልከት ጎስጓስ ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ጥቕሚ ኣዮዲንን ሳዕቤናት ጉድለቱን ዘተኩረ ትምህርታዊ ኰስጓስ፡ ብ15 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ንዝተጥፉ ጡሓንትን ዓሸግትን ጨው ተዋሂቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኢንዱስትሪያዊ ልምዓት ኣቶ ታደሰ ወልደየውሃንስ፡ ኤርትራ ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምጥፋእ፡ ኣብ 1993 ውዕል 'ኣድማሳዊ ምሕዋስ ኣዮዲን ኣብ ጨው' ከምዝፈረመት፡ ኣብ 1994 ድማ ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምቁጽጻር ዝተጥፍ፡ ካብ ሚኒስትሪታትን ትካላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝተዋጽአ ሓይሊ ዕማም ከምዝቖመት ኣብሪሁ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ሓይሊ ዕማም ኣቶ ብርሃ ኪዳ ብወገኑ፡ ኣብ 1998 ወጽኢት ኣድማሳዊ ምሕዋስ ኣዮዲን ኣብ ጨው ንምፍላጥ ኣብ ዝተገብረ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ 97 ሚእታዊት ቤተሰብ ዝበረ ተጠቃምነት ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው፡ ኣብ 2002 ናብ 68 ሚእታዊት ከምዝወረደ ብምሕባር፡ ኣፍልጦ ብምብራኽ ናብቲ ዝደለ ደረጃ ክብ ንምባሉ ይሰራሕ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ክኢላ ስነ-መግቢ ሰስተር ኣምለሰት ሓጎስ ድማ፡ ኣዮዲን ብዝሃሩ ኣብ ሓመድን ማይ ባሕሪን ዝርከብ ማዕድን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዕበየት ሰብነትን ኣእምሮን፣ ስርዓት ጭዋዳታትን መትንታትን፣ ስርዓት መፍረን ፍርያምነትን፣ ከምኡ'ውን ምንካይ መጠን ሞት ህጻናት ኣገዳሲ ቀመማዊ ባእታ ከምዝኾነ ሓቢራ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ኣገዳስነቱ ልዑል ብምዃኑ፡ ኣብ ተጠቃምነቱ ዘተኩረ ቀጻሊ ኰስጓሳት ክካየድ፣ ካብ ፍርያት ክሳብ ምዕዳግ ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ዝካየድ መስርሕ ዕቱብ ክትትል ክግበረሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምክፋል ጨው ንዝተጥፉ ምቁጽጻር ክካየድ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድን ተላቢዮም።

ክልተ በልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ድማ 42 ሚእታዊት ብሳዕቤናት ጉድለት ኣዮዲን ከምዝጥቅዑ ጸብጻባት ይሕብሩ።


ሰለኺ ሄኖክ ተክለገርግሽ

# ዓዲቐይሕ - ማሕበር መምህራን ንምሕያል ዓውደ-ዘተ ተኻይዱ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ንምሕያል ዝዓለመ ዘተ፡ ብ18 ጥቅምቲ ምስ ኣባላት ማሕበር ተኻይዱ።

ኣብ'ዚ ካብ 26 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተወከሉ ኣባላት ዝተሳተፍዎ ዘተ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር መምህራን ኣብ'ቲ ን/ዞባ መምህር የውሃንስ ጴጥሮስ፡ ዕብየትን ምዕባለን ትምህርቲ ንምርግጋጽ - መምህር ቀንዲ ቀላሲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣገዳስነት ምጥርናፍ ኣብ ማሕበር ረብሓኡ ንመምህራንን ንሕብረተሰብን ከምዝኾነ ገሊጹ።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ውዳበ ሓይሊ ስለዝኾነ ኩሎም መምህራን ናብ ማሕበር ክጥርነፉ ብምዝኽኻር፡ ሓሳባቶም ዝበልዎ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ መምህር በየነ ተስፋይ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብምሕያል ወጽኢት ተመሃሮ ንምብራኽ፡ መምህራን ኣበርክቶ ክገብሩ፣ ማሕበር መምህራን ድማ ዓቕሚ ኣባላቱ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ስልጠናታት ብቐጻሊ ክውድብ ተላቢዩ።

ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ 750 ኣባላት ኣለውዎ።



# ጊንዳዕ - ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ንምሕጋዝ ተዘቲዩ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ኣብ ኮማዊ ደገፍ ንስንኩላን ብሓፈሻ ንኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ድማ ብፍላይ ዝዘየ ርክብ ብ18 ጥቅምቲ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓድን ሃማደኤ ከምኡ'ውን ሸማግለ ኮም ዝሰረቱ ተሃደሶ ዓዲ ዝተረኽቡሉ ኣኼባ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ኢብራሂም ዑመር፡ እቲ ዕላማ - ስንኩላን ብሓፈሻ ስንኩላን ኩናትን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላንን ድማ ብፍላይ፡ ብዓይነት ስንክልንኦም ተለልዮም ደገፍ ንክረኽቡ ምዃኑ ገሊጹ።

ወኪል ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ እስማዒል ዕሰማን ብወገኑ፡ ማሳለት ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ስንኩላን ንምርግጋጽ፡ ኣመሓደርቲ ከባብን ወከልቲ ኮም ዝሰረቱ ተሃደሶ ዓድን ርጡብ መጽናዕቲ ክካይዱ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ዝተገብረ ዘተ፡ ክውሰዱ ብዘለዎ ዘለዎም ተበጻሒታት እኹል መረዳእታ ክረክቡ ከምዝሕግዞም ተማሒጺኖም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝፍጸም ጎድኣቲ ልምድታትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንምውጋድን ማሳለት ቁልዑ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ካብ 12 ክሳብ 17 ጥቅምቲ ንኣመሓደርቲ 17 ምምሕዳራት ከባቢ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ከምዝወደበ ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ከረን - ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ተዘቲዩ

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምዃን፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዙ ዛዕባታትን ዘተኩረ ዘተ፡ ምስ ነበርቲ ኣካዪዱ።

እቲ ካብ 21 ማሕበረም ንኣሰታት ወርሒ ዝቐጸለ ርክባት፡ ኣብ ምኽባር ኣዋጃትን መምርሒታትን ብሓፈሻ፡ ኣዋጅ መሬት፡ ኣዋጅ ምውጋድ ፈስታል፡ ኣዋጅ ምትካኽ ሸጋራ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ኣብ ዘርኢ ጥሕሰታት ዘተኩረ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወፈራታት ልምዓት፡ ምሕላው ጽሬት ኣከባቢን ምክልኻል ሕማማትን ተራ ናይ ስራሕ መሻርኽትን ብሰፊሑ ተዘቲዩ።



ንተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት ዘመጊሰ ኣቶ ረዘነ፡ ኣቲናዮ ኣብ ዘሎና መድረኽ'ውን ብንቕሓት ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እዋናዊ መምርሒታትን መብርሂታትን ብስሩዕ ክካየድ፣ ውዳበታት ኮማትን ጉጅለታትን ክሕይል፣ ከምኡ'ውን ተራ ስድራቤታት ኣብ ምኽትታል ብቕዓት መንእሰያት ክዓዝዝ ተላብዮም።

# ርእይቶ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ወራሪ ከም ግዳይ፡ ጥርዓን ብልጽግና ናብ ባይቶ ጸጥታ

ኣብ ታሪኽ ዓለምለኻዊ ዲፕሎማሲ፡ ካብቲ ሓደ ወራሪ ባዕሉ ናይ ባርዕ ነጋሪት እናሃረመ፡ ንጉዳእ ርእሱ ከም ንጹህ ግዳይ ቀሪቡ ኣብ መጋባእያ ዓለም ዘሰምዖ ናይ ሓሶት ዋይዋይታ ንላዕሊ ሕልና ዝፈታተን ዘሕፍር ተግባር የለን። እቲ ኣብ ኒውዮርክ፡ ኣብ ኣዳራሽ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብመንገዲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ጌዲዮን ጢሞትዮስ ዝተላእከ ደብዳበ ድማ፡ ናይዚ ዘመናዊ ናይ ፖለቲካ ምስሉይነት ዝለዓለ ጥርዚ እዩ። እቲ ንዓመታት ምሉእ ሰማይ ኣዲስ ኣበባ ብናይ ኲናት ጉስጓስ ዘናወጸ፡ ኣብ ባይቶኡ ኮይኑ ንልኡላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ብግሁድ ዝደፈረ፡ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ብሓይሊ ከም ዝወስድ ዝፈከረ ስርዓት፡ ሎሚ ሃንደበት "ተወሪረ፡ ብዘይካ ንኡሰይ ምክልኻል ካልእ ኣማራጺ የብለይን" ክብል ናብ ሕቡራት ሃገራት ክጠርዕ ክትርእዮ ከለኻ፡ ንታሪኽን ንዓለምለኻዊ ሕግን ብዕሊ ዘላግጽ ዘስካሕክሕ ናይ ዲፕሎማሲ ተዋስኦ እዩ። እዚ ስምዒታ እዚ፡ ንዓለምለኻዊ ሕብረተሰብ ንምድንጋር ዝተዓለመ ናይ ዲፕሎማሲ መጋረጃ እምበር፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ሞራላዊ ኮነ ሕጋዊ መሰረት ዘይብሉ ናይ ሓሶት ክሲ እዩ።

እቲ ደብዳበ ብጥንቃቐ ዝተሓንጸጸ ናይ ሓሶት መጋረጃ እዩ። ሚኒስተር ጌዲዮን ጢሞትዮስ፡ ሰራዊት ኤርትራ ዶብ ሰጊሩ ካብ ሰላሳ ክሳብ ስሳ ኪሎ ሜተር ናብ ውሽጢ ትግራይ ኣትዩ ክብል ከሎ፡ እቲ መልእኽቲ ሓቂ ንምግላጽ ዝዓለመ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ፡ ኑቲ ንዋዲሕ እዋን ክእለም ዝጸንሐ ናይ ኲናት ውጥን ሕጋዊ ምስሊ ንምሃብ፡ ኑቲ ዝመጽእ ዘሎ ደማዊ ፅንወት ድማ "ናይ ነብሱ-ምክልኻል ስጉምቲ" ዝብል ናይ ሓሶት ካብ ንምክዳን እዩ። ሓደ መንግስቲ ብሓደ ወገን ወተሃደራቱ ኣኪቡ፡ ዘመናውያን ድሮናት ኣዳልዩ ናብ ዶባት እናገስገሰ፡ ብኻልእ ወገን ድማ "ተጠቒዐ እየ እሞ ኣብ ጎድነይ ቁሙ" ኢሉ ንዓለም ክልምን ከሎ፡ ኣብ ታሪኽ ወራራት ዝፍለጥ ናይ ጥልመት ስልቲ እዩ። እዚ ድማ ንዓለምለኻዊ ባይቶ ጸጥታ ከም ናይ ውግእ ማጠሊ መሳርሒ ናይ ምጥቃም ሓደገኛ ሽርሒ እዩ።

እቲ ዘርግም ሕቶ ግን፡ ብኸመይ ኢሉ እዩ እቲ ባዕሉ ንልኡላውነት ጎረባብቱ ክጥሕስ ለይትን መዓልትን ዝምድር ዘሎ ስርዓት፡ ሎሚ ብዘዕባ ልኡላውነት ክዛረብ ሞራላዊ ብቕዓት ዝረክብ፧ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ፡ ካብ ኣፍ መራሕቲ ኣዲስ ኣበባ ዝወጸ ናይ ጽልእን ናይ ወረርን መደረታት ገና ኣብ ኣእዛን ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ የቃልሕ ኣሎ። "ቀይሕ ባሕሪ ናይ ህልውናና ጉዳይ እዩ፡ ብሰላም ወይ ብሓይሊ ኣፍደገ ባሕሪ ክንረክብ ኢና፡ እዚ ጂኦግራፍያዊ ማእሰርቲ ክሰበር ኣለዎ፡ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ዝስኣነትሉ ታሪኽ ክእረም ኣለዎ" እናበልካ ንናጽነትን መሬታዊ ሓድነትን ኤርትራ ምፍታን፡ ናይ ብሓቂ ናይ ወራሪት ደምጺ እዩ። ንመሬት ጎረቤትካ ብእወጅ ክትደፍእ እናተሃንደድካ፡ ሰራዊትካ ናብ ናይ ኲናት ደፋዕ እናሰለፍካ፡ ናብ ሕቡራት ሃገራት ከይድካ "ግዝኣታዊ ሓድነተይ ተደፊሩ" ምባል፡ ጥልመትን ሱምብራዊ ውድቀትን ጥራይ እዩ።

ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ እንተኾነውን ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 2 ንኡስ ዓንቀጽ 4፡ ዝኾነት ሃገር ኣብ ልዕሊ ናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ናይ ካልእ ሃገር ሓይሊ ካብ ምጥቃም ይኹን ብሓይሊ ካብ ምፍርራሕ ክትቁጠብ ብጥብቂ ይእዝዝ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ዓለምለኻዊ መትከል'ዚ ብግሁድ እናጠሓሰ፡ ንኤርትራ ብቀጻሊ ከፈራርህ ከም ዝጸንሐ ዓለም ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ኣብ ዓለምለኻዊ ፍትሒ ድማ ሓደ ፍሉጥ መትከል ኣሎ፤ "ጽሩይ ኢድ ዘለዎ ጥራይ እዩ ናብ መጋባእያ ፍትሒ ዝቐርብ" ዝብል ሕጊ እዩ። ሓንቲ ባዕላ ንልኡላውነት ጎረባብታ እትግህስ፡ ንመሬትን ባሕርን ጎረቤታ ብሓይሊ ንምውናን መጻልታዊ እትፍኽር ሃገር፡ ንዓንቀጽ 51 ናይቲ ቻርተር መዕቆቢ ክትገብሮ ሕጋዊ መሰል የብላን። እቲ ናይ ነብሰ-ምክልኻል ዓንቀጽ ንግዳያት ወረር እምበር፡ ንወረርቲ መከለሊ ዋልታ ክኸውን ኣይተጻሕፈን።

እዚ ናይ ሎሚ ናይ ኣዲስ ኣበባ ድራማ ኑቲ ኣብ 1998 ዝተራእየ ጸለም ታሪኽ ዘዘኻኽር እዩ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ'ውን ተመሳሳሊ ናይ ተበዳሊ ስእሊ ብምሕዛእ ኢትዮጵያ ኑቲ ደማዊ ናይ 'ዶብ' ኲናት ኣጎሃሪራቶ እያ። ድሕሪ እቲ ኲናት፡ ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስ ዝቖመ ናይ ዶብ ኮሚሽን ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ሂቡ፡ ባድመ ናይ ኤርትራ ምዃና ምስ ወሰነ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ንልኡላዊ መሬት ኤርትራ ወሪሩ ክጸንሕ ጸኒሑ እዩ። ሓንቲ ንዓለምለኻዊ ብይን ረጊጻ ንልኡላዊ መሬት ጎረቤታ ንክልተ ዓሰርተታት ዓመታት ወሪራ ዝሓዘት ሃገር፡ ሎሚ ብዛዕባ "ዶብ ምኽባር" ክትዛረብ እንከላ፡ ናይ ታሪኽ ኣቕልቦ እዩ። እቲ ናይ ትማሊ ናይ ወረር በስላ ከይሓወየ ሎሚ እንደገና ኑቲ ዝለመደቶ ናይ ወራሪት ተልእኾ ብናይ ግዳይነት ቃላት ክትሽፍኖ ምፍታና ፈጺሙ ኣይሰርሐን እዩ።

እቲ ብድሕሪዚ ደብዳበ ዘሎ ሓቀኛ ድራኸ ግን ካልእ እዩ– ንሱ ድማ እቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝሰድድ ዘሎ ዘይዕግሉ ባርዕ እዩ። ሎሚ እታ ሃገር ብውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላዋት፡ ብደማዊ ናይ ብሄር ግጭታትን ብቁጠባዊ ውድቀትን ትሕመስ ኣላ። ኣብ ኣምሓራ፡ ኣብ ኦሮምያን ኣብ ካልኦት ከባቢታትን ዝቕጽል ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ንመንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ኣፍደገ ውድቀት ኣእትዩዎ ይርከብ። ህዝቢ ንመጻልታዊ ምግቢ ኣብ ዝሰኣነሉ፡ እቲ ስርዓት ድማ ህዝባዊ ተቐባልነት ኣብ ዝጠፍኣሉ ህሞት፡ ሓደ ናይ ወጻኢ ጸላኢ ፈጢርካ ህዝባዊ ቁጥዐ ናብ ካልእ ኣንፈት ምጥዋይ ናይ ኩሉም ወዱቓት ገዛእቲ መወዳእታ መዕቆቢ እዩ። እቲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዝቐረበ ስምዒታ፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ናይ ደም ውሕጅ ንምኽዋል ዝተፈብረኸ ናይ ፖለቲካዊ ህልውና ቁማር እዩ።

ኣብ ታሪኽ ውግኣት፡ ሓደ ስርዓት ናይ ወረር መደብ ቅድሚ ምትግባሩ፡ ወትሩ ናይ ሓሶት መመኽነይታ ይፈጥር እዩ። ሰራዊት ኤርትራ ዶብ ሰጊሩ ኣትዩ እናበልካ ንዓለም ምጭዋር፡ ጸባሕ ንግሆ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝኽፈት ወረር "ኣቐዲመ ነጊረኩም ኔረ እየ፡ ንኡሰይ እየ ዝከላኸል ዘለኹ" ዝብል ናይ ሓሶት ሕጋዊ ሽፋን ንምድላው እዩ። እቲ ሚኒስተር ኣብ ደብዳቡ "ኢትዮጵያ ካብ ንኡሰ ምክልኻል ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ የብላን" ክብል ከሎ፡ ኑቲ ኣብ ባይታ ዝተዳለወ ናይ መጥቃዕቲ ውጥን ፍቓድ ንምሕታት እዩ። እዚ ድማ ንዛባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ደማዊ ባርዕ ንምእታው ብፍላጥ ዝተሃንደሰ ናይ ኲናት ንድፊ እምበር ፈጺሙ ናይ ሰላም ድሌት ኣይኮነን። እዚ ሓሶት እዚ ንህዝቢ ዓለም ንምድንጋር ዝተዓለወ መርዛም ናይ ዲፕሎማሲ መጻወድያ እዩ።

እንተኾነ ግን፡ ሓቂ ኣብ ልዕሊ መሬት እምበር ኣብ ልዕሊ ወረቐት ኣይተኣትወን እትቕረጽ። ኤርትራ ኣብ መሬታን ማያታን ብጽንዓት ደው ዝበለት፡ ንልኡላውነታ ብክብሪ ማሰዋእቲ ደቃ ዘረጋገጸት ሃገር እያ። ኤርትራ ናይ ካልኦት መሬት ናይ ምውናን ስስዐ የብላን፤ ናይ ገዛእ ርእሳ ዶብ ንዝደፍእ ኣካል ድማ ብዘይሕለል ጽንዓት ናይ ምምካት ታሪኽ ኣለዋ። እቲ ኣፍደገ ባሕሪ ብሓይሊ ንምርካብ ዝመደረ፡ ንልኡላውነት ጎረባብቱ ንምግዛእ ሰራዊቱ ዝዓለመ መንግስቲ ኢትዮጵያ ባዕሉ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ወራሪ ንጉዳእ ርእሱ ከም ግዳይ፡ እቲ ንልኡላውነቱ ዝከላኸል ድማ ከም ወራሪ ተገይሩ ክቐርብ ምፍታኑ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ መጋባእያ ፍጹም ተቐባልነት ዘይብሉ ዓቢ ክድዓት እዩ። ልኡላውነትካ ምኽባር ማለት ናይ ገዛእ ርእስኻ ዶብ ምሕላው እምበር፡ ናይ ካልኦት መሬት ብምምናይ ዘመጽእ ኣይኮነን።

እዚ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ዘሰዕቦ ዘሎ ዞባዊ ሳዕቤን ድማ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ተኣፋፊ ሰላም፡ ብኸምዚ ዓይነት ሓላፍነት ዘይብሉ ናይ ዲፕሎማሲ ቁማር ክፈራርሽ ኣይግባእን። እቲ መንግስቲ ኣብ ክንዲ ምስ ጎረባብቱ ብሕብረትን ብስኒትን ዝሰርሕ፡ ኣብ ክንዲ ውሽጣዊ ቁስሉ ብሰላማዊ ዘተ ዝፍውስ ንመላእ እቲ ዞባ ናብ ሓዊ ናይ ምእታው ስጉምቲ ይወስድ ኣሎ። እዚ ስምዒታ እዚ፡ ንባይቶ ጸጥታ ጥራይ ዘይኮነስ ንመላእ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝፈታተን እዩ። ናይ ሓሶት ድራማታት ብምፍጣር ንኲናት መንገዲ ምጽራግ፡ ኣብ መወዳእታ ንኹሉ ሰብ ዘኸስር ናይ ጥፍኣት መገዲ እዩ። እተን ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ልኡላውያን ሃገራት ነዚ ሽርሒ'ዚ ብንቕሓት ክምክታእ ከለዋ፡ ሓላፍነት ናይ ዓለምለኻዊ ሕብረተሰብ ድማ ኑቲ ናይ ሓሶት ክሲ ምንጻግን ንወራሪ ስጉምቲ ምግታእን ክኸውን ይግባእ።

ንምጥቕላል፡ እቲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝተላእከ ደብዳቤ ኑቲ ዝመጽእ ዘሎ ሓደጋ ከቃልዕ ዝኽእል ናይ ሓቂ ማስጠንቀቕታ እዩ። እቲ መጋረጃ ሎሚ ተቐሊዑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራን ናይቲ ዞባ ህዝብታትን መን ወራሪ መን ከኣ ሓላዊ ሰላም ምዃኑ ብንጹር ይፈልጡ እዮም። ኢትዮጵያ ብናይ ሓሶት ደብዳቤታት ተጠቒማ ናይ ወረር ማዕጾ ንምኽፋት እትገብሮ ዘላ ፈተነ፡ ንጉዳእ ርእሳ ናብ ዘይደደ ናይ ጥፍኣት ጎደና ዘእቱ እምበር ዘምጽኦ ረብሓ የለን። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ናይ ምስሉይነት ተዋስኦ ብንቕሓት ክጥምቶን ኑቲ ንኲናት ዝዳሎ ዘሎ ስርዓት ስጉምቲ ክትትኦን ይግባእ። ኤርትራ ጽንዕቲ ኮይና ኣብ መሬታ ደው ክትብል ኪያ፡ እየም ብሓሶትን ብሽርሕን ኲናት ዝኣለሙ ሓይልታት ግን ኣብ መወዳእታ ግዳይ ናይ ገዛእ ርእሶም ውዲት ኮይኖም ከም ዝተርፉ ርጉጽ ሓቂ እዩ።

ER MEDIA

## ማእከል እሾኽ. . .

እዋኑ እዋን መኸተ'ዩ። ግደ ሓቂ ካብ መኸተ ኣዕሪፉ ዝፈልጥ ደላዩ ሰላም የለን። ሰላም ብወትሩኣዊ ድሉውነትን መኸተን'ያ እትውሓስ። ሓንሳእ ተዋሒሳ ሩፍ ኣብ እትብለሉ ዓለም ድማ የለናን። ሰላም፡ ብትምኒት፡ ብሰናይ ድሌት፡ ብሕልሚ ክትረጋገጽ ኣይትኽእልን። ወትሩ ዋጋ ሰላም ኣሎ - ኣብዞ ብስስዐ፡ ግብትና፡ ዕሽነት እትምራሕ ዓለም።

ንናጽነትና ዝኸፈልናዮ ዋጋ ረዚንን ዘሕብኑንን'ዩ። ማዕረኡ፡ ንምኽባር ልኡላውነትና እንኸፍሎ ዋጋ ረዚን፡ ዘሕብነንን ዘሕጎንን እዩ። ይትረፍ ትማሊ ኣብ ዓውደ-ውግእ ማሪኽና፡ መርኣያ ስልጡን ኣተሓሳስባናን ሰናይ ትምኒትናን ናጻ ዝሰደድናዮ ምሩኽ ዝመርሖ ሰራዊት፡ እቲ ኣነ'የ ክብል ምሉእ ድፍረት ዝሰበሮ ሓይሊ መግዛእቲ'ውን ኣይሰዓረናን። ዘይንስዓረሉ ቀንዲ ምኽንያት ንጹር'ዩ፤ ደሊዩቲ ሓቅን ደሊዩቲ ሰላምን ምዃንና'ዩ። ነዚ ድማ ኣብቲ ዝለዓለ ናይ መኸተ ጽንዓት ብምርጋጽ፡ ኣብ ብልሒ ብበልሒ ብምቛም፡ ኣብ ነፍስና ኣሚንና፡ ካብ ዘይብልና ኣካዊንና ዝኸድናዮ እዩ። ህዝብና፡ ፈታዊ መሬቱ፡ ፈታዊ ባሕሩ፡ ፈታዊ ኣየሩ እዩ - ናቱ ስለ ዝኾነ። ህዝብና፡ ሃገሩ እትሓዋ ኩሉ ከፈሉ፡ ኩሉ ንምኽፋል ድማ ወትሩ ድሉው'ዩ - ብዘይ ሃገር ክብረት ከም ዘየለ ሕሉፉ ስለ ዝምስክሮ።

ኣይትተዓደሉ፡ ሃገራት፡ ሕሱም ስርዓታት ዝምግሰለን ጎረቤት ምስ ዝህልወን፡ ህላወአን ከረጋግጻ ወትሩ ክዓለዋ ይግደዳ። ረብሪቦን ዘንገፀን ተዓሸየን ምስ ዝጸንሓ - ከም ሶማልን ሱዳንን - ግዳይ ናይቲ ኣራዊት ይኾና። ብተደጋጋሚ ናብ ገዛኻ ዝመጽእ ሰራቒ፡ ኣረብሪቡኒ'ዩ'ሞ ይሰርቕ ኢልካ ትም ክትብል ኣይትኽእልን፤ ወይ፡ ቡቲ ዝሓለፈ ዘርኣኻዮ ንቕሓትን ትብዓትን ጥራይ እቲ ልማደኛ ሰራቒ ኣይደሃልን'ዩ። ወትሩ ድሉው ኴንካ ብምጽናሕ ጥራይ ኢኻ ቤትካን ክብረትካን ከተድሕን እትኽእል። ሰረቕቲ ይብዝሑ፡ ስልቲ ይቐያይሩ፡ ዋሕስ ቤትካ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ኩሉ ግዜ ክንጽኦም ሓሊፍካ ብምጽናሕ ድማ ኢኻ እትዕወተሎም።

"ሕጂ'ኸኣ መስዋእቲ ክንከፍል፧" ዝብል ስክፍታ ዘንቀሎ ዘረባታት ይሰማዕ'ዩ። ሓቂ'ዩ፡ ክሳብ ሕጂ ዝኸፈልናዮ ውሑድ ስለዘይኮነ። እንተኾነ፡ ኣእላፍ ምሩጻት መስዋእቲ ከፊላ ዝመጽኣት ሃገር፡ መስዋእቲ ዝሓተት ኩነት ምስ ዝገጥማ፡ መስዋእቲ ብምኽፋል ጥራይ እያ ክትምልሰሉ ዘሎዋ። ትማሊ መስዋእቲ ከፊልና ዕላማና ጨቢጥና፣ ሎሚ፡ ክብሩ መስዋእቲ ዝሓተና ኩነት ኣብ ዝመጽኣሉ ድማ ከም ባህልና፡ ከም ያታና ክንገጥሞን ክንምልሰሉን ጥራይ እዩ ዝግባእ። ኩሉ እንኸፍሎ መስዋእቲ፡ ስለ ሃገርን ሃገራዊ ረብሓን ዝኸፈል ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። ተገዲድናን'ምበር ብምርጫና ዘእተናዮ ኲናት ከኣ የለን።

"ማእከል እሾኽ በቚልና ዕንበባ፡ ኣይንገደስ ብሩኻን ዘረባ" ከም እትብሎ ሓንቲ ካብ ናይ መኸተ ደርፍታትና፡ እሾኽ ኣብ ዝመልኦ ጎደቦ፡ ዕንበባ ጥራይ ኴንና ክንኹብር ኣይንኽእልን ኢና። ኑቲ ዕንበባና ብእሾኽ ክንሓጽሮ ንግደድ። ከምቲ 'ሰላም እንተደሊኻ ንኲናት ድሉው ኩን" ዝበሃል "ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ፡ ወትሩ ኣብ ተዳሎ!" ምዃን ውሕስነት ሰላም እዩ!

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ዲጂታዊ ሓበሬታ ምስ ምትእትታው ኮምፒዩተራት’ዩ መጺኡ” ኢንጅ- ቶምቦሳ ኣስመላሽ



*ቶምቦሳ ኣስመላሽ ይበሃል። ግዜ ርእሱ ንምምዕባል ብዙሒዶም ጻዕርታት’ዩ ዝያዳ ዝልለ። ኣብ ሃገርና ሓደ ኣቡዩም ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ስርሓት ዘበርከተ እዩ። ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኰይኑ፥ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተማሂሩ ዝመሃረን እዩ። ኣብ ጉጀለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦባ ህ.ግ እውን ከም መምህር መዚቃ ኰይኑ ዝሰርሐ እዩ። ናብ ግንባራት ምስ ከተተ ከም ተዋጋኢይን ሬድዮ ኦፕሬተርን ኰይኑ ተጋዲሉ።*

*ቶምቦሳ ኣስመላሽ 1ይ ዲግሪ (BA) ብምሕደራ ንግዲ ካብ ዩንቨርስቲ ኣስመራ፥ ብመሃንድስነት ሓበሬታን መራኸቢታትን 2ይ ዲግሪ (MSC) ኣብ ቻይና ሁዋዦንግ ዩንቨርሲቲ ኦፍ ሳይንስ ኤንድ ቴክኖሎጂ ዝተመረቐ ምሁር እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት፡ “ቀያሕቲ ዕንቦባ”፡ “ክመሃር ደየ ኪጋደል” ዘርእስተን ክልተ ናይ ታሪኽ መጽሓፍቲ ዝጸሓፈ ምኩር ጋዜጠኛን ጸሓፊን እውን እዩ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዓቢ ስራሕ ካብ ዘበርከቱ ዜጋታት እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሚ/ሪ ዜና ዳይረክተር ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ( IT) ኰይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ኣበርክቶኡን ተመክሮኡን ዓቢ ብምኳኑ ብዛዕባ ዲጂታዊ ሓበሬታን ሚድያን ኣመልኪትና ምስኡ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕተት ይስዕብ።*

**- ድሕረባይታን ኣመጻጽኣን ናይ ዲጅታል ቴክኖሎጂ ሓበሬታ እንታይ እዩ፧**

ካብ ቀደም ደቂ-ሰብ ካብ ዝፍጠሩ ኣትሒዞም ምልውዋጥ ሓበሬታ ጸኒሑ እዩ። ስርዓት ሓበሬታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቓል እናተመሓላለፈ ብእግረኛ ወይ መልእኽተኛ ፈረስ ይኻየድ ነይሩ። ደሓር ማዕቢሉ ተባሂሉ ናብ ኣገልግሎት ጷስጣ ከይዱ። እዚ ሓበሬታ እዚ ከኣ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ካብ ትካል ናብ ትካል፡ ካብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ናብ ካልእ ሕብረተሰብ፡ ናብ ነጋውሰን መንግስታትን ከይተረፈ ምልውዋጥ ሓበሬታ ክኸይድ ዝጸንሐ እዩ። ምስ ምምጻእ ቴለግራም’ውን ገለ ጽሑፋት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ርሑቕ ቦታ መልእኽትታት ክመሓላለፉ ክኢሎም እዮም። ኣብቲ ዳሕረዋይ እዋን ምስ ምምሃዝ ቴለፎን፡ ሰባት ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡ ጀሚሮም። ስለዚ ምልውዋጥ ሓበሬታ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ክካየድ ዝጸንሐ እዩ።

**- ዲጂታዊ ሓበሬታ ደኣ መዓስ’ዩ ፈሊሙ፧**

ዲጂታዊ ሓበሬታ ዝበሃል ምስ ምትእትታው ኮምፒዩተራት እዩ ዝመጽአ። ዲጂታዊ ሓበሬታ ከም’ቲ ካልእ ግኡዝ ዝኾነ ነገር፡ ዝተሓዝ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ኮምፒዩተር ብኽልተ ዲጅት (Binary) ባዶን ሓደን እዩ ዝሕዝ። ስለዚ እቲ ፍልልይ ሓደ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ካብ ወረቐት ምኳን ሓሊፉ ናብ ድጂታል ክመጽእ እንከሎ፡ ቡቲ ዝበልናዮ ኣሃዝ እዩ ዝተሓዝ። ድምጺ ይኹን ስእሊ’ውን ከምኡ። እቶም ንሕና ሓበሬታ እንብሎም ነገራት ኣርባዕተ ዓይነታት ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ሓደ ቪድዮ እዩ። ቪድዮ ከም ሓበሬታ ክንክዝኖ፡ ክንመስርሖ ወይ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ክነመሓላልፎ ንኽእል። ካልኣይ ድምጺ እዩ። ኣብቲ ቪድዮ’ውን ድምጺ ክህሉ ይኽእል። ድምጺ ንበይኑ ከም ሓደ ሓበሬታ’ውን ክንሕዞ ንኽእል። ሳልሳይ ድሩቕ ስእልታት (ፎቶግራፍ) እዩ። እቲ ራብዓይ ከም ሓበሬታ ክንሕዞ ንኽእል ከኣ ጽሑፋት እዩ።

**- ቀጽል**

ኣብ’ቲ ፈላሚ ምዕባለ ናይ ኮምፒዩተራት፡ ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ መጺእና ክንርእዮ እንከለና ግን፡ እቲ ዝቐለለ እቲ ናይ ጽሑፍ ስራሓት እዩ። ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ምስ ዓቕሚ ኮምፒዩተራት ተዛሚዱ ክርአ እንከሎ ከቢድ ኣይኮነን። ቅልል ዝበለ እዩ። ምዕባለ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ናብ ዲጂታል ሚድያ ገጹ ኣብ ዝመጸሉ፡ ፈለማ ኣብ 1990ታት’ዩ ብዙሕ ፈተነታት ተኻይዱ። ብዓቕሚ፡ እተን ሽዑ ዝነበራ ኮምፒዩተራት ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ምልውዋጥ ሓበሬታ ብቑዓት ኣይነበራን። ዋላ’ኳ ድሌት ናይ ሰብ እንተነበረ፡ ዓቕሚ ናይ ኮምፒዩተራት ግን ድኹም እዩ ነይሩ። ንኣብነት ማይክሮሶፍት እንተ ደኣ ርኢና፡ ብዶስ ዝሰርሕ ዓይነት ኮምፒዩተራት ነዚ ዓይነት ቪድዮ፡ ስእልታት፡ ጽሑፍን ንምምስራሕ ብዙሕ ዓቕሚ ኣይነበረንን። እቲ ፕሮሰሲንግ ፓወር እንብሎ ዓቕሚ ምቅማር ኮምፒዩተራት ኣዝዩ ንእሽቶይ እዩ ነይሩ። እቲ ቴክኖሎጂ ተኣታትዩ ክንሱ ዓቕሚ ናይ ኮምፒዩተራት ስለዘይማዕበለ፡ ንነዊሕ ዓመታት ተደሪቱ ጸኒሑ። መወዳእታ 1990ታት ገጹ እዩ እቲ ናይ ዲጂታል ዓለም እናማዕበለ መጺኡ። ኮምፒዩተራት’ውን እናማዕበላ መጺኣን። ዓቕሚ ኮምፒዩተራት ናብ ኢንዱስትሪያዊ ደረጃ ክበጽሐ ኢሉ ንስራሕ ሚድያ ክበቕዕ ክኢሉ። ኮምፒዩተራት ጥራሕ ተደጊፍካ ሚድያ ኩተመስርሕ ዘኽእል ዕድል ተፈጢሩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ እቲ ዲጂታል ዓለም ወይ ሚድያ ቅልጡፍ ዝኾነ ምዕባለ ኣርእዩ።

**- እወ!**

ይዝክሮ 1995 ንትምህርቲ ኣብ ዝኸድናሉ እዋን፡ ዲጂታል ትረንድ (Digital Trend) እዩ ዝበሃል ነይሩ። ትረንድ ማለት ከም ሓሳብ ወይ ኣመት ምዕባለ እዩ ነይሩ። ክግበር ይሕሰብ ኣሎ ዓይነት እዩ ነይሩ ኣብቲ እዋን። “ዲጂታል ሚድያ ክተኣታቶ ኣለዎ” ኣብ ዝተበሃለሉ እዋን፡ ITU (ኢንተርናሽናል ቴሌኮሚኒከሽን ዩንዮን) ዝበሃል ብቑዓት ደረጃ (standard) ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዝሕሉ ኣህጉራዊ ትካል፡ ዓለም ናብ ዲጂታል ክትሰጋገር ከም ዘለዋ ሓደ መርሓ ኣውጺኡ። ስለዚ ካብ 2000 ንደሓር ዓለም ናብኡ ገጻ ክትከይድ ጊዜፍ ወፍሪ ተገይሩ። ብዙሓት ዓበይቲ ኩባንያታት’ውን ክጥቀማሉ ጀሚረን። እተን ብቴክኖሎጂ ዝማዕበላ ሃብታማት ሃገራት፡ ኣብ 1996-1998 ዲጂታል ሜዲያ ብምትእትታው ካብ ኣናሎግ ናብ ዲጂታል ሰጊረን። ቅድሚኡ ዲጂታል ሚድያ ዝበሃል ኣይነበረን፡ ኣናሎግ እዩ ነይሩ።

**- እቲ ኣናሎግ ቴክኖሎጂ ንብሎ ዘለና እንታይ እዩ ኩተብርሃልና፧**

ኣናሎግ ማለትና ብማግኔታዊ ካሴት ዝሰርሕ እዩ። ቀደም ዋላ ናይ ቪድዮ ካሜራታት እንከለዋና ብካሴት ኢና ንሰርሕ ነይርና። ብካሴት ትሰርሕ፡ ድሓር ካብ ካሴት ናብ ካሴት ኢኻ ኩተመስርሖን ኩተባዝሖን እትኽእል። ክሳብ 2000 ዓም ካብ ካሴት ናብ ካሴት ኤዲቲንግ፡ (tape to tape) ኤዲቲንግ እንብሎ’ዩ ክካየድ ጸኒሑ። ዳርጋ ኣብ ምሉእ ዓለም ከምኡ እዩ ነይሩ። እቲ ኣገባቡ፡ ካብ ብዙሕ ካሴታት ዝተዋጽአ ስእልታት ናብ ሓንቲ ካሴት ኣጻሪኻ፡ ኣተሓጻጺርካ ብምውህሃድ ውዱእ ዛንታ ምቕራብ እዩ። ናብ ፈነወ ኩተቕርቦ እንከለኻ’ውን ትራንስሚተራት ካብ ካሴት እዩ ዝቕበል። ድምጺ ክንመልእ እንተደሊና ከኣ፡ ካልእ ዓይነት ካሴት ኢና ንጥቀም። ስእሊ ክንስእል እንተ ደኣ ኰይንና ከኣ፡ ፊልም ዝዓጠቐት ካሜራ ክትህልወና ኣለዋ። ክንጽሕፍ እንተ ደኣ ደሊና ከኣ፡ ብታይፕ ራይተር ወይ ድማ ብፒሮን ወረቐትን ኢና ንጽሕፍ። እዘን ከም ኣብነት ዝጠቐስናየንን ካልኦት ናይ ሓበሬታ መተሓላለፊ ነገራትን፡ ኖናተን መሳርሒ እዩ ጸኒሑወን። ክምስርሓ እንተ ደኣ ኰይነን ከኣ፡ ብበናተን እየን ዝምስርሓ። እዚ እቲ ዘመነ ኣናሎግ ኢልና እንጠቕሶ እዩ።

**- ደሓር ምስ ምምጻእ ኮምፒዩተራት ዝተራእየ ለውጥታት ክትነግረና፧**

ምስ ምምጻእ ኮምፒዩተራት ግን፡ ዓለም ናብ ሓደ ጥሙር ደረጃ ኣሰራርሓ ሰጊራ። ኣብ ጽሑፍ እንተደኣ መጺኻ፡ ኣብ ኮምፒዩተር ብዜሮን ሓደን እዩ ዝውከል። ድምጺ፡ ቪድዮ፡ ስእሊ’ውን ከምኡ። ኩሉ ናብ ዜሮን ሓደን ስለዝምጽእ፡ ኩሉ ዓይነት ሰነዳት ኣብ ኮምፒዩተር ኣትዩ ከም ዝሰርሕ ኰይኑ ማለት እዩ። ሓንቲ ኮምፒዩተር ዘላቶ ሰብ፡ ጽሑፍ ክጽሕፍ ይኽእል፡ ስእልታት ክርኢን ከመሓይሽን ይኽእል። ደርፍታት ብድምጽን ቪድዮን ክሰምዕን ክርኢን ይኽእል። እቲ ዲጅታላይዘሽን ኣዝዩ ሰጉምሉ ዘሎ እዋን እዩ።

**- ኣብ ሞባይል እንተመጺና’ኸ፧**

ኣብ ሞባይል ቴለፎን እንተደኣ መጺእና፡ ዝበለጸ እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ፡ ኩሉ ዝጸናሓና መሳርሒታት ኣናሎግ ኣወንዚፍና ብሓንቲ ሞባይል ድሌትና ክንገብር ኣብ ንኽእለሉ ደረጃ በጺሕና ኣለና። ሞባይልና ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ክንጥቀመላ ንኽእል ኢና። ከም ሪሞት ኮንትሮል፡ ከም መስኣሊት ካሜራ ቪድዮን ፎቶግራፍን፡ ጽሑፍ ክንጽሕፍ፡ ሬድዮ ክንሰምዕ፡ ቴለቪዥን ክንርኢ፡ ቪድዮ ኤዲት ክንገብር፡ ዳታ ክንክዝን፡ ናብ ካልኦት ከነመሓላልፍን ንኽእል ኢና። ዲጂታዊ ቴክኖሎጂ ዘተኣታተዋ ሃገራት ናይ ባንክ ሕሳባት ንምንቅስቓስ፡ መንግስታዊ ምሕደራ (E-Governance) ኣብ ምኪያድ ሞባይላት ቀንዲ መተግበርቲ እየን። ስለዚ እዚ ግዜ ናይ ዲጂታዊ መስተጻምር (digital convergence) ዘመን እዩ። ብኸምኡ ምኽንያት እዩ ዓቕሚ ናይ ሞባይላት እናዓበየን እናማዕበለን ዝኸይድ ዘሎ። ሰባት ካብ ሞባይላት ወጻኢ ክነብሩሉ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ በጺሖም ኣለዉ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

**- ምስቲ ዝጸንሐ ናይ ኣናሎግ መስርሕ ጉዕዞ ቴክኖሎጂ ብምንጽጻር፡ እዚ መስርሕ ምዲጂታል (Digitization) እንታይ ይመስል፧**

ዲጂታይዘሽን ከምኡ’ውን ዲጂታላይዘሽን ክልተ ዝተፈላለየን ተመሳሳእን ኣምራት እዩ። ዲጅታይዘሽን እንብሎ ንኣብነት ኣብ ዲጂታዊ ሚድያ መጺና ክንርኢ እንተደኣ ኰይናና፡ ዲጂታዊ ሰነድ የድልየና። ናይ ጽሑፍ፡ ድምጺ፡ ቪድዮ፡ ስእሊ ሰነድ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ካብ 1950ታት፡ ክሳብ 90ታት ዝነበረ፡ ኣብ ካሴታት፡ ወረቐት፡ ፊልም ዝጸንሐ ሰነዳት ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዘመን ክንሰርሓሉ እንተ ደኣ ኰይንና፡ ብኮምፒዩተር ኢና ክንሰርሖ። ስለዚ ፈለማ ከመይ ገይርና ናብ ኮምፒዩተር ነእትዎ እዩ ዝመጽእ እቲ ዘይሰገር ብድሆ። ነቲ ኣናሎግ ዘሎ ሰነድ ናብ ዜሮን ሓደን ክንቅይሮ ኣለና። ኮምፒዩተር ብእትርደኦ ቋንቋ ከነዳልዎ ኣለና። እዚ መስርሕ እዚ ከኣ፡ ዲጂታይዘሽን ንብሎ። ጽሑፍ ናብ ዲጂታል ክቕየር እንተ ደኣ ኰይኑ፡ ስካን ክኽውን ኣለዎ። ናይ ስእሊ ፊልም እንተ ደኣ ኸይኑ’ውን፡ ናቱ ስካነር ኣለዎ። ስካን ተገይሩ ናብ ዲጂታዊ ሰነድ ክቕየር የድሊ። እቲ ዝተረፈ ናይ ድምጽን ቪድዮን ከኣ ከምኡ።

**- ምስግጋር ካብ ኣናሎግ ናብ ዘመነ ዲጂታል ምስ መጽአ፡ ብፍላይ ኣብ ሚድያ እቲ ንሃገራት ኪጋጥመን ዝጀመረ እንታይ እዩ፧**

ንሃገራት ኣብ’ቲ ፈለማ ዘጋጠመን ዓቢ ሽግር፡ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ካሴታት ሰነዳት ተዋህሊሉ ዝጸንሐ እኩብ ሰነዳት እዩ። ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ወረቓቕቲ፡ መጻሕፍቲ፡ ዛንታታት ናብ ዲጂታል ክትቅይሮ ኣለካ። ነዚ ዘይተኣደነ ድኻምን ገንዘብን እዩ ዝጠፍኣሉ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ይኹን ትካል ኣብ ኢዱ ዝጸንሐ ዘይተኣደነ ኣናሎጋዊ ሰነዳት ከም ኣርካይቭ ዲኻ ክጥቀመሎም ወይ ናብ ካልእ ንኽተመስርሖም እንተደኣ ኴንካ፡ ፈለማ ዲጂታይዝ ክኾኑ ኣለዎም። ምኽንያቱ እቲ ኣቐዲምካ ክጥቀመሉ ዝጸናሕካ መሳርሒታት መብዛሕትኡ፡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ስለ ዝኾኑ። ንኣብነት 500-600 ካሴታት ቤታካም እንተደኣ ኣለካ፡ ናብ ዲጂታል ክትቅይሮ ናይ ቤታካም ‘ፕለየር’ የድልየካ። እታ ፕለየር ቅድሚ 20 ዓመት ስራሕ ኣቋሪጻ እያ። ስለዚ መስርሕ ምዲጂታል ኩተካይድ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ከምኡ ዓይነት መስርሒ ዓቂብካ ክትጸንሕ ኣለካ ወይ ድማ ጸጊንካ ኢኻ ትሰርሕ። እቲ ዝዓበየ ነተን ናይ ሚድያ ትካላት ዘጋጥመን ብድሆ እዚ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ካሴታት ኣብ ኢድካ ኣሎ፡ እቲ ንዕኡ ዘጻውት (play back) ክገብሮ ዘኽእል መሳርሒ ግን ቅድሚ 20 ዓመታት ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኰይኑ ስለ ዝጸንሐ፡ ነዚ ንምርካብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ።

ይቕጽል...

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

ተስፉ ሰለሙን
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

## ጽልዋታት ዓውለማን ቴክኖሎጅን ኣብ ባህሊን ክብርታትን

ህዝብታት ናትና ዝብልዎ ባህሊ፡ ልምድን ታሪኽን፡ ሞራል፡ ስነምግባር፡ ክብርታት፡ ቅጥዕታት ይውንኑ። እዚ ከም መለለዪ መንነቶም መግለጺ ሕላገት ታሪኾም ዝሓስቡዎ ማሕበራዊ ማል ከይጠፍኦም ከይብከሎምን ኣብ ምዕቃብን ምክንኻኑን ጽኑዕ ጠመተ ምግባር የድልዮም። ባህላዊ ውርሻታቶም፡ ብመልክዕ ኣፈታሪኽ፡ ምስላታት፡ ብዛላት፡ ጽሑፍ፡ ትልሂታት፡ ምስልታት፡ ጽውጽዋያት ኣሰኻዮም ናብ ተኻእቲ ወለዶ ከሰጋግሩ ትጽቢት ይግበር።

ንኣብነት ዓውዲ ስነጥበብ ንታሪኽናን ስነምግባራዊ ክብርታትናን ኣብ ምዕቃብ፡ ምምዕባል፡ ምልላይ ዝተጻወቶን ዝጻወቶን ዘሎ ግደ ዝበርኸ ምኳኑ ብዘግብር ዝርኣናዮን ንመሃረሉ ዘሎናን እዩ። ሕብረተሰብ ኣብ ቀጻሊ ማሕበራዊ ለውጢ ስለዝነበር፡ ካብ ካልኦት ሕብረተሰባት ንባህሉን ክብርታቱን ዝድርዕ ተወሰኽቲ ሓሳባት ከመሃርን ክርዕምን ደርኡ።

ኣብ'ዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም፡ ወጽኢት ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ሓደስቲ ምህዞታት፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ብዓይነቶምን ብዝሖምን ኣዝዮም ስለዝሰፍሑ፡ ከምኡ፡




ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ተበጺሑ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወትን መንብርን ወዲሰብ፡ ንዝጸንሐ ባህልን ኣነባብራን ክጽልዉን ክቕይሩን ምርኣይ፡ ካብ ትዕዝብቲ ኩሉ ሰብ ዘይስወር ክስተት ኮይኑ ደርኩብ። ምህዞ ቴክኖሎጂን ዓለምና ኑቲ ከቢድን ዘይከኣልን ዝመስል ዝነበረ መንበሮ ወዲሰብ፡ ናብ ዝቐለለን ዝሓሸን፡ ኩሉ ሰብ ድማ ተረባሒ ናብ ዝኾነሉ ደረጃ ኣሰጋጊሩ ደርኩብ።

ስነፍልጠታዊ ኣጋጋሽን ቴክኖሎጂን ክልተ ዝብልሑ ሜፉት ዝሓዘ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። እቲ ሓደ እወታዊ ረብሓ ናይ ለውጢ ድርኺትን ጽልዋን ዘለዎ፡ ኣብ ስነፍልጠታዊ ምርምርን ምህዞን ሰረት ገይሩ፡ ህይወት ወዲ ሰብ ዝሓሸ ኣብ ምግባር ዝውዕሉ ምህዞታት ኣብ ምፍጣር ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ይጥቀስ።

ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ኣብ ዓውዲ ጥዕና እንተ መጺእና፡ ሕሞማት ንምፍዋስ ዝገልግሉ መድሃኒታት ብዝተራቐቑ መሳርሒታት ሕክምና እናተማህዘ፡ ኣብ ምፍዋስን ምክልኻልን ህይወታውያን ዝርአ ዘሎ ኣጋጋሽን ምዕባለን ብዙይ ናይ ግዜ ገደብ ይዓቢ ኣሎ።

ኣብ ሕርሻዊ ምርምር'ውን፡ ኣብ ዘራእትን ጥሪትን መጠቐላውነቶም ዓቕሞምን ኣመሓይሾትን ምቕራብ፡ ምስ ክሊማን ሓመድን ኣሰማሚዑ ብርክት ምህርቲ ከም ዝህቡ ኣብ ምግባርኑ ጸረ ጻህያይን ባልዕን ኣፋውስ ኣብ ምፍላጥ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ከም ዓብይቲ ርኽበታት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ኣጋጋሽ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ብዋዜን ቦታን ከይተደረተ፡ ካብን ናብን ዓለም ብቐሊሉን ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ናይ ርክብ ባይታ ብምፍጣር፡ ዝድልዩ ሓበሬታ ብምልውዋጥ፡ ብዲጂታላዊ መንገዲ ዝግበር ዓውድታት ትምህርቲ ብምትእትታውን፡ ሕብረተሰብ ዓለም ተጠቃሚ ክኸውን ዕዙዝ ግደ ይጻወት ኣሎ። ነዞም ዝተጠቕሱ እወታዊ ጎድንታት ቴክኖሎጂ፡ ምስ መበቆላዊ ባህልታትና እናኣዛመድና፡ እንተ ተጠቒምናሉም ንህይወትና ከቕልልን ከመሓይሾን ይኽእሉ።

ብተመሳሳሊ ቴክኖሎጂን ዓውለማን ከም ኩሎም ምህዞታት፡ ኣሉታዊ ጎድንታት'ውን ኣለዎ። ኣሉታዊ ጎድንታት ዓውለማን ቴክኖሎጅን ብእወታዊ መዳዩ መሚኻ ክትጥቀመሉ እንተ ዘይክኢልካ፡ ብፍላይ ብመራኸቢ ብዙሓን ኢንተርነትን ተመሓሪሖም ዝዝርግሑ መወዓውዒ ዝመስሉ ቪድዮታት፡ ፊልምታት፡ ድራማታት ዘትትዎ ምስ ባህልን ስነምግባርን ዘይከይድ ትሕዝቶታት፡ ጎጻዊ ፊልምታትን ካልእን ንሰባት ካብ ምዝንጋዕ ሓሊፎም፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰባት ብምብኩል ናብ ጸገማት ይመርሑ ኣለው።

እዞም ኣብ'ዚ እዋን ብዘተፈላለዩ መፍረ ፊልምታት ዝኾኑ ትካላት ዝፈርዩ ዘለዉ ፊልምታት፡ ንመንእሰያትን ቈልዑን ግዱያት ወልፍታት ብምግባር፡ ናብ ዘይድለ ስነኣእምሮኣውን ማሕበራውን ጸገማት ብምምራሕ፡ ግዱያት ጸረ-ማሕበራዊ ጠባይ፡ ቅዛት፡ ጭንቀት፡ ዕዋጅ፡ ነብሰ ቅትለት ዝኣመስሉ ስነኣእምሮኣዊ ጸገማት፡ ኣብ ምግባር ደርኩብ።

ኣብ ርእሲ'ዚ መንእሰያትን ቈልዑን ግዱያት ሓሽሽ፡ መስተ፡ ቁማር፡ ሽጋራ፡ ዝኣመስሉ ወልፍታት ኣብ ምግባር'ውን ተራ ኣለዎ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዕንወት፡ ኣብ ህይወት ቈልዑ፡ መንእሰያትን በዞም ኣብ ኢንዱስትርታት ፊልም ምዕራብ ዝፈርዩ ፊልምታት ይወርድ እኳ እንተዛለው፡ እዚ ማሕበራዊ ዕንወት ከም ንብር ዝወስዱ ምዕራባውያን ኣካላት ግና እዚ ብመንጽር ሓሳቦም ናይ ምጉዳእ መሰል ከመኽንይዎ ይፍትኑ፡ እዚ ድማ ንባህልን ክብርታትን፡ ሕብረተሰብ ዓለም ካብ ዘይምርዳእ ዝበገሰ እዩ።

በዚም ኣሰራርሓ ዓውለማ ዘምጽኦም ክብርታት ግዳይ ናይ ምኻን ዝጸዓዕ ተኽእሎ ዘለዎም፡ ካብ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ ተኣፍራይን ንጡፍ ተቐባሊ ለውጥን ዝኾኑ መንእሰይን ደርኩብዎም። ኣብ ምስላ ሕብረተሰብና፡ "ካብ ሕማቕ ዝንበሩኻስ ሕማቕ ዝምህሩኻ ወይ ዘልምዱኻ" ከም ዝብሃል፡ ሃገራት ወይ ህዝብታት ዝጸንሑም ማሕበራዊ ጸጋታትን ክብርታትን መታን ከይጠፍኦም፡ ነዞም ከም ኣዝዩይቲ መርዝትን ተመሲሎም ዝመጹኡ ሃገራት ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብረሎም ኣገዳሲ ይኸውን።

እዚ ብደረጃ ዓለም ዝርአ ዘሎ ጸገማት ዓውለማን ቴክኖሎጅን ኣብ ሃገርና'ውን ጽልዋታት ኣይተረፈን። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ድማ፡ ኣብ ገለ ኣደታት ዝርአ ዘሎ ቈልዓ ብቕድሚት ናይ ምሕቋፍ ባህሊ እዩ። ከሳትና ከም ንፈልጦ፡ ኣብ ባህልና ቈልዑ ኣብ ዝወድቑሉ እዋናት "ቅድመኻ ይስጥሓኒ" ዝብል ልሙድ ናይ ተደናጋጽነት ቃል ንጥቀም ኢና። እዚ ድማ መርኣያ ወለዲ ኣብ ጥዕናን ውሕስነትን ደቆም ዘለዎም ሓልዮት እዩ።

ኣደታት ኤርትራ፡ ንነውሕ ዝበለ ዓመታት ቈልዑ ብድሕሪት ኣብ ዝሓዝላሉ እዋናት፡ ንውሕስነትን ድሕነትን ቈልዓ ካብ ምሕሳብ ዝበገሰ እዩ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ግን ገለ ገለ ኣደታት፡ ብጽልዋ ዓውለማን ምዕራባዊ ባህልን፡ ቈልዑ ብቕድሚት ክሓቕፉ ይረኣያ ኣለዋ። ሓደጋ ወይ መውደቕቲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋናት ድማ፡ እቲ ብቕድሚት ዝተሓዝለ ቈልዓ ግዳይ መስበርትን ማህሰይትን ክኸውን ንርኢ ኣለና።

ንኣብነት ክትተሓሰብ፡ 20 ጥሪ 2020 ኣብ ኣስመራ ዘጋጠመ ፍጻመ ነይሩ። እቲ ፍጻመ ኣብ ን/ዞባ ገጀረት ዘጋጠመ እዩ። ሓንቲ መንእሰይ ኣደ፡ ብመሕለፊ ኣጋር ማለት ማርቻብዴ፡ ናይ ኣርባዕተ ወርሒ ህጻን ብቕድሚት ሓዚላ፡ ቅልጥፍ ብዝበለ ስጉምቲ ኣብ ትጓዓዘሉ ዝነበረት ግዜ፡ ብሃንደበት ተዓንቂፋ ንቕድሚት ስጥሕ ኢላ ትወድቕ፡ ብቕድሚት ኣፍልባ ሓዚላቶ ዝነበረት ህጻን፡ ድሕሪ ኣብ መሕለፊ ኣጋር ምውዳቑ፡ ጸጋማይ ወገን ርእሱን ጉንዲ እዝኑን፡ ጫፍ ናይ ማርቻብዴ ተቐቢልዎ ብደም ተሓጺቡ። ኣደኡ ጸቒጣቶ ኣብ ልዕሊኡ ድሕሪ ምውዳቓ፡ ጸጋማይ ቅልጽማ ተሳሒጹ፡ እቲ ህጻን በጃ ኮይኑ ተኸላኺሉላ።

እታ መንእሰይ ኣደ፡ ደም ወሊዱ ምስ ረኣየት፡ ብኡንብኡ ብሰንበደ ሃለዋታ ኣጥፊኣ ዘልሓጥ ኢላ ድሕሪ ምውዳቓ፡ እቲ ህጻን ብእዝኑን ኣፍንጫኡን ደም ምዕጋት ኣብዩዎ፡ ኣብ ሕክምና ከይበጽሐ ህይወቱ ሓሊፉ። ሞት ናይ'ዚ ህጻን ናይ መዓልቲ ጉዳይ ወይ ጽሕፍቶ'ኡ ኢልካ ዝምኽነ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እታ ኣደ ብዘርኣየቶ ሸለልትነት፡ ህጻን ኣብ ክንዲ ኣብ ሕቖኣ ኣብ ኣፍልባ ብምሕዛላ ኑቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ኣብ ምዕባይ ተራ ተጻዊታ።

ቈልዑ ብቕድሚት ምሕዛል ነታ ኣደ ናይ ምንቅስቓስ ናጽነታ ዝድርቶ፡ ኣብ ግዜ ሓደጋ ድማ ንህጻን ውሕስነት ዘይህብን ሚላ ኣተሓዛዝላ እዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ፊልምታትን ድራማታትን ምዕራብ፡ ኣደታት ቈልዓ ብቕድሚት ስለዝሓዝላ፡ ንዕኡ ምድጋም፡ ምስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብና ዘይከይድን፡ ድሕነት ኣደን ህጻንን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ስለዝኾነ፡ ክንዘውትር የብሉን።

ካልእ፡ ኣብ ግዜና ዝዘውተር ዘሎ ወጽኢት ዓውለማ ዝኾነ ባህሊ፡ ምህሳስ መበቆላዊ ኣሰማት ደርከቦ። ናይዚ ጉሉሕ ኣብነት ድማ፡ ኣብዚ እዋን ንህጻናት ካብ ዝወሃቡ ዘለዉ ዘይመበቆላዊ ኣሰማት፡ ገለ ኣብ ንጠቕሰሉ እዋናት፡ ከም "ሚራክል፡ ሚርሲ፡ ኣንጀሊና፡ ናይሄር፡ ማናሄር፡ ሳዛሄር፡ ኣለሚኣብ፡ ካብሄር፡ ዳይሞን፡ ኬቨን፡ ሮበን ወዘተ" ዝብሉ ሲያመታት ህጻናት፡ ኣብ መበቆላዊ ባህልን ኣሰማትን ሕብረተሰብና ዘይነበሩ እዮም።

ኣብዚ እዋን ንህጻናት ከም ብርሃ፡ ዓወት፡ መረሐ፡ ተኸለ፡ ደጀን፡ ደቡሳይ፡ ምሕረት፡ ኣብርሃት፡ ኣዜብ፡ ናጽነት፡ ኣልማዝ፡ ሰላም ወዘተ ዝኣመሰሉ ንክልተኡ ጾታ ዝወሃቡ፡ ዓቢ ትርጉም ዘለዎም ኣሰማት ኣብ ምህሳስ ደርኩብ። ገለ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዝርከቡ ኣሰማት ናትና ኮይኖም ኣይፈልጡን። ከምቲ መበቆላዊ ምስላ ሕብረተሰብና "ኣደኣ ገዲፋ፡ ሓትንኣ ትናፍቕ" ዝብል፡ ሰብ ከም ግዱ'ምባር ከም ጎብቲ ስለዘይኮነ መበቆላዊ ሲያመታትና ክንዕቅብ የድሊ።

በዚ መሰረት፡ ሰብ ኣብ መበቆላዊ ባህሉን መንነቱን መሰረት ዝገበረ ሲያመ ምውሃብ፡ ኣገዳሲ ዘሹርዖን ክጽቀጠሉ ዝግባእን ጉዳይ ምኳኑ ይግለጽ። በዚ ምኽንያት ዘይመበቆላውያን ኣሰማት፡ ካብ ዘለወዎ ንላዕሊ ከይሰዐረሩ፡ በቲ ናትና ንብሎ፡ ንመንነትና፡ ባህግታትና፡ ተስፋና፡ ጽባቐና፡ መለለይና ኮይኑ ዝግለጽ ኤርትራዊ ኣሰማትና ክንትክኦም ሞራላውን ዜግነታውን ግቡእታና ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ ንጸቡቕ ተመሲሉ፡ ዝመጽእ ሕማቕ ነገር ክህሉ ስለዝይብሉ።

ሓደ ነገር ከም ልምዲ ክትቅበሎ ወይ'ውን ከተዘውትሮ ከለኻ፡ "ካብ ባህለይን ክብርታተይን ከርሕቐኒ ይኽእል ድዩ፡ ንናተይ ይመስል ኣለኹ'ዶ፡ ንባህለይን ክብርታተይን ዘጸብርቕ ድዩ" ኢልካ ክትሓትትን ክትመምን ኣለካ። ሕብረተሰባት፡ ንፍሉይነቶም፡ ጸባቕኦም፡ መንነቶም፡ ክዕቅቡን ክከላኸሉን እንተ ዘይብቒዖም፡ ግዳይ ናይ ዘየድልዩ ኣሰራርሓ ባህርያትን ተግባራትን ይኾኑ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ ናይ መንነት ቅልውላው ክወድቑ፡ መበቆላዊ ባህሎምን ክብርታቶምን ከጥፍኡን ርሒብ ዕድል ኣሎ። ኣብ መበቆላዊ ምስላ ሕብረተሰብና፡ "ደርሆ ከምልሱ ብዕራይ ደሸጡ" ዝብል ብሂል ደርኩብ። ቀንዲ መልእኽቱ፡ ህልኽ ጽልእን ቂምን ፈጢሩ ጌጋኻ የስፍሕ'ምባር፡ ናብ መፍትሒ ሰናይ ሓሳብ ዘብጽሕ ምኳኑ ንምንጋር እኳ እንተ ተመሰለ፡ በቲ ሓደ ሸነኹ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ድማ፡ ሓደ ዝሰኣኖ ነገር ንምምላስ ከቢድ ዋጋ ከም ዘኽፍሎ ንምርኣይ'ውን ዝዓለመ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዕራይ ተሸይጡ ክንደይ ደርሆ ክኸውን ከም ዝኽእል ርዱእ ስለዝኾነ።

በዚ መሰረት፡ ዓውለማን ቴክኖሎጅን ዝፈጥሮ ዘለዉ ዕድላትን ኣጋጋሽን ከምዘለዉ ኮይኑ፡ ማዕረ ማዕሩ ምስ ዝፍጠር ዘሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ግዳያት ብምኳን፡ መበቆላዊ ባህልናን ክብርታትናን ብምኽሳር፡ ግዳያት ኣሰራርሓ ልምድታት፡ ወልፍታት፡ ዘይሃናጺ ባህርያት ከይንኸውን፡ ንየም ካብ ባህልና፡ ልምድና፡ ስነምግባራዊ ክብርታትናን ወጻኢ ዝኾኑ፡ ነውርታትን ዘይሃጽቲ ልምድታትን ወገድ ብምባል፡ መግለጺ ስልጣነን ንቕሓትናን ንዝኾኑ መበቆላዊ ክብርታትናን ባህልናን ክንዕቅብ መድረኽ ዝጠልቦ ተግባር እዩ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍርዲ ሰብ/ዕዳ 1. ሰለሙን ነጋሽ ሮኽረ 2. ኣዜብ ነጋሽ ሮኽረ 3. ዊንታ ነጋሽ ሮኽረ 4. የናስ ነጋሽ ሮኽረ 5. ናትናኤል ከልማን 6. ኤደን ገብረእግዚኣብሄር፣ ብፍርዲ ብዓል መሰል ጥሕ ልምዓትን ወፍርን ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ መዘዞብ ከፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/11/2026 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ. 41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ኣቶ ዘርያት ተወልደ ገብሩ 2. ወ/ሮ ትዕበ እርጋ ናይዘበ፡ ፍ/ሰ/ መሰል ጥሕ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ፡ ናይ ፈጻሚ ምልክታ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ 39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ብፍርዲ ብዓል ዕዳ ኣልማዝ ስብሓቱ ዑቕባጋብር፡ ሃብተኣብ ቴድሮስ ወልደሚካኤል፡ ብፍርዲ ብዓል መሰል ጥሕ ልምዓትን ወፍርን ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ መዘዞብ ተሰሪቱ ስለዘሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ 41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቦ ገብረክርስቶስ ዳኘው፡ ብዓል ቤተይ ጸጸ የማ ኣርኣያ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ 1 ጓሉ ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸለ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሙሴ ጋይም ተከሉ፡ ኣደ ኣቦይ ደሙት ሃይለ ይሕደጎ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ናይ ኣቦና ተከእና፡ ሓወቦይን ኣሞታተይን 7 ምስ 5 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲ ኣቶ ህንጻ ተስፋይ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋይ፡ ኣቶ ጴጥሮስ ተስፋይ፡ ወ/ሮ ኣልጋሽ ተስፋይ፡ ናይ ዕዳ ገንዘብ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/11/2026 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ.44 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ርእሶም ሃብተማርያም ዑቕባክርስቶስ፡ ኣቦይ ሃብተማርያም ዑቕባክርስቶስ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 1. መሓሪ ሃብተማርያም 2. ነፍሪት ሻሹ ሃብተማርያም ተተካእቲ ደቃ 3 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲ ኣቶ ምናሮና ክብሮም ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓብደልቃደር ዓሊ ዐሶማ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/11/2026 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሰሲ ኣቶ ስብሓቱ ተኽለ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ወ/ሮ ኣድያም ገብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/11/2026 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ኣብርሀት ስዒለ ተስፋልደት ምባል ተረፉ፡ ኣብርሀት ስዒላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወኪል ተኽለዝጊ ዓንደ ወልደየስ ተኽለዝጊ፡ ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተኽለዝጊ ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ካሕሳይ ዳይናም ተስፉ፡ ኣቡሓጎይ ተስፉ እሙን ስለዝዋረረ፡ ናይ ወለድና 5 ደቆም ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓጎሳ ሃብተ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ክፍላት ቀሺ ገብረሂወት፡ ብሂወት ከሎ ዝበየረለይ ቃል ኑዛዜ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኤልሳ ከስተ ሉቃስ ምባል ተረፉ፡ ኤልሳ ተከስተ ሉቃስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ይስሓቅ ተወልደብርሃን ካሕሳይን ወ/ሮ ሓዳስ ዞሚካኤል ተኸለን ወድና ኣቤል ይስሓቅ ተወልደብርሃን ስለዝተሰውኣ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ወ/ሮ ሚካል ዘርኡ በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረቱ ባህታ ክፍላይ፡ ብዓልቲ ቤትካ ንዓኻ ዝምልከት ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/11/2026 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ምሕረት ኣዛዘ ስብሃቱ ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ገብረዮናስ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ክፍላይ ሓድጉ፡ ተኸሳሲ ልኡል ጺጋይ፡ ብዓልቲ ቤትካ ንዓኻ ዝምልከት ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን02/11/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ዃላ

ዓብለል ደብረጼን ገብሩ ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ደብረጼን ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲ ኣቶ ገዕሽ መኣዛን ስዩም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ የዲት ምሳሽ ሰዓረ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/2026 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሽኩሪ ማሕሙድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሳልሕ ማሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ናህም ሃይለ ሞጎዝጊ ምባል ተረፉ፡ ርቢል ሃይለ ሞጎዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ደርጋኣለም ጺጋይ ነጋሲ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃጽ ኪዳነ ተሰማ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓሰወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ከሳሲት ወ/ሮ ሓጎሳ ተኽለት ገብርኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽለማርያም ግርማይ ወልደኪኤል፡ ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ተኽለት ገብረኣብ ብድሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቅሮ ኣቦና ኣቶ ኣሰፋው ዘርኣ ዕቑባርጊሽ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኣዕሩኽትን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዛዘምና ንገልጽ።

ደቁን ምሉእ ስድራ ቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅራን እናኽብራን ሓፍትና ወ/ሮ ዘውዲ ስዩም ተስፋይ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሕመአ ሬሳ ብምፍናውን ኒቲ ኩሉ ኣብ ዕረፍታ ዝነበርኩሞ ምትሕብባርን፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብራ ኣብ ሓዙሓዝ ዝቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ፈተውትን መቕርብን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና ክብረት ይሃበልና እናበልና ሓዘና ንዛዙ።

ኣሕዋታ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ እንቋቑሖ
ዓዳጊ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ፦ ክፉት ጨረታ ሃገራዊ

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንክሊንኦት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክኣግሩት ስለ ዝደለና፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እንቋቑሖ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳታፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተሳታፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ ኢብራሂም ሱልጣን (ፔተጎ) ከበር ቁጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰሉስ ዕለት 27/10/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ተሳታፊ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳታፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሰሉስ ዕለት 27/10/26 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀትሪ ብግሉጽ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንእንቋቑሖ 10.000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9 . ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Boilermakers** |
| **Number required** | **03** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Maintenance Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - To execute all welding work for fixed plant and mobile fleet and machinery |
| **Duties & function:** | - Providing welding services for maintenance of fixed plant, mobile fleet and machinery<br>- Repair and maintain as required<br>- Being accountable for the safe commissioning of all equipment.<br>- Work in liaison with the Maintenance Services Coordinator to develop and implement a rigorous planned maintenance program. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Minimum Secondary School.<br>- Completed a welding apprenticeship. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Minimum of 5 years working with welding work.<br>- Minimum of 5 years mine maintenance experience or similar. |
| **Other skills and abilities** | - Full trade qualifications for a welder.<br>- Strong communication and interpersonal skills.<br>- Team player.<br>- Must be able to work and perform under pressure. |
| **Other Information** | - Must know how to use welding and cutting equipment.<br>- To be able to pass a full Doctor's Physical examination.<br>- To be able to work to ZMSC's rosters. |

**Salary: According to Company's salary scale.**

**Place of work: Zara Mining Share Company; Koka Gold Mine; Zoba Gash Barka**

**Additional Requirement for nationals**:
Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence and support letter from reserve Army. Present clearance paper from current/last employer. Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.). Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for interview. Application documents will not be returned to sender.

Please mail your applications to **ZARA MINING SHARE CO. P.O. Box 2393**. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

**Deadline for application: 10 days from the day of announcement.**

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተስፋሚካኤል ኣብርሃለይ ደብሳይ ምግል ተሪፉ፡ ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ደብሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኢያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ፍ ፍረወይኒ ጉብረያውሃንስ ወልደማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኮ/ል ተስፋብርሃን ባህልቢ ዑቕባርግሽ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሲሃም ሳልሕ ዑሶማን፡ ተኸሳሲ ሕሰን ኢብራሂም ሰዒድ፡ ብዓልቲ ቤትካ፡ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃም ስመረ፡ ስም ኣደይ ጸሃይቱ ገሰሰው ኣብርሃ ምግል ተሪፉ፡ ትዕበ ክፍለ ጉልበት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን06/11/26 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

መብረክ መሓመድ ማህረክ ምግል ተሪፉ፡ መብርክ መሐመድ መብረክ ማህርክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመና መሳ ኸልድ ምግል ተሪፉ፡ ኣመና ዓሊ ሰዃት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋገርግሽ ጉብረገርግስ ኣሰከሐ ምግል ተሪፉ፡ ተስፋጋብር ጉብረገርግስ ኣሰክሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዓሊ እድሪስ ምግል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዓሊ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤደን ኣጽብሃ ሓጎስ፡ ወለደይ ኣቶ ኣጽብሃ ሓጎስን ወ/ሮ ለተብርሃን ሳህለን ስለዝዮረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪሞን ኤፍሬም በየነ ምግል ተሪፉ፡ ሪሞን ኤፍሬም ፋሲል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደላዚ መሓመድ ኣብራሃም ምግል ተሪፉ፡ ዓብደላዚ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ማህደረ ኣረይ ባልዋይ፡ ኣሞይ ወ/ሮ ኣብረሀት ባልዋይ ሓመድናካ ስለዝዮረፈት፡ 3 ኣሕዋታ 1. ወ/ሮ ደሃብ ባልዋይ 2. ነፍ/ ኣረይ ባልዋይ ሓመድናካ ተተካእቲ 8 ደቁ 3. ነፍ/ ኣምለሰት ባልዋይ ሓመናካ ተተካእቲ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤት/ፍርዲ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ያሲን ኣሕመድ መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ያሲን ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

中 誾 资 源 投 资 有 限 公 司

## ZHONG CHANG MINING P.L.CO

Jacaranda Sembel Street 199/18 No. 206, Asmara Eritrea Tel:00291-7198802

### VACANCY ANNOUNCEMENT

Zhong Chang Mining P.L.Co invites qualified applicants for the following post:

**1**, Position: Drilling supervisor
Place of Work: Mai-Mine
Starting Date: Nov 2026
Salary: As per company salary scale
Contract type: Indefinite period
Number required: Two(2)

**Main functions**

1. Proficient in all operations of fully automated hydraulic drill rigs to ensure work efficiency and quality.
2. Follow all the health and safety procedures.
3. Prepare drilling reports to head office weekly.

**Knowledge experience and skills**
**Qualifications:**
High school diploma and above
& Hold a professional certification
**Experience:**
Eight years experiences and above
**Skills:**
1. Good command of written and spoken English.
2. Physically fit.

**2**, Position: Blasting supervisor
Place of Work: Mai-Mine
Starting Date: Nov 2026
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

**Main functions**

1. Proficient in various blasting methods to ensure work efficiency.
2. Guarantee safety at the construction site.
3. Prepare work reports to head office weekly.

**Knowledge experience and skills**
**Qualifications:**
High school diploma and above
& Hold a professional certification
**Experience:**
Eight years experiences and above
**Skills:**
1. Good command of written and spoken English.
2. Physically fit.

**Additional requirements for Nationals:**

1.Having fulfilled his /her national service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
2.Present the clearance paper from current or last employer.
3.Testimonial documents to be attached（CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc）
4.Application documents will not be returned to the sender.
5.Only shortlisted applicant will be considered as potential candidates for an interview.
6.Deadline of application: 5 days from the day of publication in the newspaper.

**Address: Please mail your application to the following address**

**1. Zhong Chang Mining P.L.Co**
**Contact number: 07198802**

**2.Mineral Resources Mangerment**
**P.O.Box-272,Asmara**

**Note to Eritrean applicants:**
1.Please send a copy of your applications to Aliens Employment Permit Affairs.
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ሓወሲ ከተማ ሰገነይቲ ኣብ ዞባ 2 ፕሎት 20 ፓርሰል ጠ ዝርከብ ብስም ወላደየይ ኣቶ ኢዮብ ደስታ ዝተመዝገበ ገዛ ብወለደይ ብውህብቶ ስለ ዝተወሃበኒ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ምም/ን/ዞባ ሰገነይቲ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጸም ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ኣልኣዛር ኢዮብ ደስታ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ ከተማ ኣምሀር፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DER 4798 ቁጽሪ መዝገብ DEL5281 ዝርከብ ናይ ሽቓጣ ሽቓጥ ብስም የርዳኖስ ጺጋይ ተስፋጋብር ዝተመዝገበ ትካለይ፡ ንወ/ሮ የዲት ዑቕቡ ጉብረኪዳን፡ ኣድራሻ ኣምሀር ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ/ከተማ ደቀምሓረ ብዕለት13/07/26 ብህያብ ስለ ዝሃብክዎ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ህያብ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

የርዳኖስ ጺጋይ ተስፋጋብር

---

### ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ በርበረ ጥሑን ዝተቓመመ
ዓዳጊ፦ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣሕደርቲ ኣብዮት ትምህርቲ ጎኒ፡
ኣቕራደት፡ ፎርቶ፡ ከርከበትን ሰሚ ቦርዲን ርብዓን
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ፦ በርበረ ጥሑን ዝተቓመመ ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት (ሃገራዊ)
ጨ/ት/ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንዓመት ትምህርቲ 2027 ካብ ዕለት 01/01/2017 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ናይ 10 ወርሒ ንተመሃሮ ኣሕደርቲ ኣብዮት ትምህርቲ ጎኒ ኣቕራደት ፎርቶ ከርከበትን ርብዓን ንመግቢ ዝውዕል በርበረ ጥሑን ዝተቓመመ ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።
ተማሓርትቲ ዘማልእዎ ዝርዝር
1. ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት መግቢ በርበረ ጥሑን ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሓራትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ክሊራንስን (ግብሪ ዝኸፈሉሉ) ቅዳሕ የቕርቡ።
4. መኽበሪ ጨረታ 50,00.00 ናቕፋ (C.P.O) ተሰሪዑ ክቐርብ ኣለዎ።
5. ብቑዓት ተሓራትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ የትሕዙ።
ዝርዝዘ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ዞባ ኣብ ስራሕ ግዜ ይወስዱ።
6. ተሓራትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደልዩ ብቑ.ቴ 731216 ተወከሱ።
7. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን15 መዓልታት ክፉት እዩ።
8. ጨረታ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ኣሃዱ ፋይናንስ ክሳብ ዕለት 26/10/2026 ሰዓት 12:00 ቅ/ቀ ክቐርብ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ።
10. ጨረታ፡ ተሓራትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ ኣሃዱ ፋይናንስ ዕለት 26/10/2026 ሰዓት 12 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
11. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ ይፍጸም።
12. ጨ/ትም/ዞባ፡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

> “ተወፋይነት ተግባር እምበር፡ ቃል ኣይኮነን።” - ዥያንፖውል ሳርተር
>
> “ወትሩ ክልተ ምርጫታት ኣለዉኻ፡ ንተወፋይነትካ ዲኻ ዋላስ ንፍርሕኻ ኢኻ እትሰዕብ?”
> - ሳሚ ያሽስ

## ገስጋስን ተወፋይነትን

ገስጋስን ተወፋይነትን ፈላሊኻ ክትርእዮም ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ምንታይሲ፡ ብዘይተወፋይነት ገስጋስ ክተረጋግጽ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ዕውታት ሰባት ካብ እቲ ካልእ ዝፍለዩሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ልዕሊ ሰቦም ኣብ ስራሖምን ናብራኦምን ወፋያት ብምዃኖም እዮም።

ንኽእለታት ክንማሃሮም ንኽእል ኢና። ንጽዓትና ክነማሓድሮም ንኽእል ኢና። ተወፋይነትካ፡ ንተወፋይነት ክትረኽቦ ምሕር ኣጸጋሚ እዩ።

ብዙሓት ትካላት ንተወፋይነት ሰራሕተኛታተን ብጋበእ ኣየርድእኦን እየን። መማዚ ተወፋይነት ሰራሕተኛታተን እውን የብለንን። ከም ሳዕቤኑ፡ ንሰራሕተኛታተን ኣብ ምትብባዕ ይኹን ኣብ ምቕጻሉ ብዙሕ ሓላፍ ዘለፍ የርእያ።

ናይ ብሓቂ ተወፋይነት ንኽእለትን ጻዕርን ናብ ወጽኢት ኣብ ምስግጋር ልዑል ግደ ኣለዎ። ተወፋይነት ንሰባት ናብ ቅድሚት ንኽየዋስኡ የኽእሎም። ብፍላይ ብደሀታት ክደራረቡኻ እንከለዉ፡ ኣገዳስነት ተወፋይነት ሸው እዩ ዝረኣየካ። እወ ብተወፋይነት ንብደሀታትካ ናብ ረብሓኻ ክትልውጦም ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ስራሕ እተገዝአርቾ ተወፋይነት፡ ልዕሊ ድርኺት ኣገዳሲት ኣለዎ። ተወፋይነት ቀዋሚ ኣይኮነን። ነቲ ሕጂ ዘለካ ተወፋይነት ቀጻሊ ክተሐይሎ ዕድል ኣሎካ። ኣብ ገለ ትካላት ተወሬኻ ሰራሕካ ዋላ ኣይሰራሕካ፡ ዘይክፍለጠልካ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ካብ ተወሬኻ ምስራሕ ክትገናደብ ክትደናደን ትኽእል ኢኻ።

ድርኺት ክውሕደካ እንከሎ፡ ዕላማኻ ንቕድሚት ኣብ ምድፋእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ንገዛእ ርእስኻ፡ “እዚ ዕማም፡ ፕሮጀክት ወይ ሹቶ ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ ዝኸውን?” ኢልካ ሕተታ። ንስራሕካ ምስ ውልቃውያን ክብርታትካ ወይ ሞያዊ ዕብየትካ ኣተኣሳስሮ። ዕላማ ዝዘይምሕላልካ ኑዳዲ ይኾኖ እዩ።

ተወፋይነት ብተግባር እምበር፡ ብኣፍ ክረጋገጽ ዝኽእል ኣይኮነን። ገለ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣኼባ ክዛረቡ እንከለዉ፡ ኣብ ስራሕ መውዓደርቲ ዘለዎም ኣይመስሉን እዮም። ብድሕሪ ኣኼባ ግዱ ንኣብኦቶም ኣግዲያም ከውድኽድኹ ይረኣዩ። ከም እዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ወትሩ ኣብ ስራሕ ዓለም ዕንቅፋት ምስ ኮኑ እዮም።

“ካብ ብዓል ኣፍ፡ ብዓል ጣፍ!” ዝብል ምስላ ከደናግረና የብሉን። ዝኾነ ሰራሕተኛ ብተግባሩ እምበር፡ ብኣፉ ወትሩ ኣይምዘንን እዩ። ተመሊሱ እኳ ደኣ፡ ኣብ ትዕዝብቲ መሳርሕቱን ናይ ቀረባ ሓላፊኡን እዩ ዝወድቕ።

ንዲሲፕሊንን ጽንዓትን የጠቓልል። በዚ ኣብልካ ድማ፡ ንሹቶኻ ናብ ወጽኢት ክትልውጦ ኣይእግመካን እዩ።

ብዘይተወፋይነት ዋላ ሓያል ክእለትን ጽንዕ ጸዓትን ብላሽ እዩ ዝኸውን። ተወፋይነት ኣብ ዘይብሉ ኩሉም ኣሉታታት እየም ዝሰዕቡ። ምድንጓያት (procrastination)፡ ትሑት ርእሰ ተኣማንነት ከምኡ እውን ዕድልካ ብጋበእ ዘይምጥቃም ይስዕርሩ።

ኣብ ስራሕካ ዘለካ ተወፋይነት ቀጻሊ ክትግምግሞ ይግባእ። ድሕሪ ገምጋም፡ ኣዩናይ መዳይ ምትዕርራይ ክትገብር ከም ዘለካ ክረኣየካ ይኽእል እዩ። ነቲ ዓቢ ሹቶኻ ናብ ንኣሽቱ ሹቶታት ናይ ምምቕቓል ብቕዓት ክተማዕብል ኣሎካ። እቲ ምንታይሲ፡ ዓቢ ሹቶ ቀልጢፉ ዝውቃዕ ኣይኮነን። እናሓንሳእ እውን ተሰፋ ናብ ምቝራጽ ገጽካ ከም እትዛዙ ክዝብረካ ይኽእል እዩ። ናብ ንኣሽቱ ሹቶታት ምስ እትመቕሎ ግዱ ዝያዳ ፍናን ኢኻ እትረኽብ።

ኣብ ስራሕካን ህይወትካን ተሓታትነት ክህልወካ ኣይጽላእን እዩ። ማዕረ ማዕሩ ድማ፡ ንዓወትካ ምጽንባል ዘይምዘንጋዕ። ተወፋይነት ምስ ንጹር ሹቶ፡ ሓያል ክእለትን ናይ ብሓቂ ዓቕምን እንተ ተኣሳሲሩ ጽልዋኻ ብኹሉ ሸነኹ እናዓዘዘ እዩ ዝመጽእ። ከም ወጽኢቱ እቲ ዝበለጸ ስራሕካ ይውሕዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ብሓቂ ዓቕምኻ እውን ብርኡይ ይደምቕ እዩ።

ንጹር ራእይ፡ ሓያል ክእለት ከምኡ እውን ማእለያ ዘይብሉ ጻዕሪ ክህልወካ ይኽእል እዩ። የግዳስ ተወፋይነት እንተ ደኣ ዘይብልካ፡ ገስጋስ ከተርኢ ዘሎ ተኽእሎ ምሕር ጸቢብ እዩ።



ተወፋይነት ድለውትን ወይ ፍቓደኛነት ንምትግባር እዩ። ነቲ ሓንሳእ ዘመሰርካዮ ገስጋስ ብዘይተገላበጦት ምቕጻል እውን እዩ። ሕዙግድፍ ዝበዝሖ ስራሕ ኣብ መወዳእታ ዋላ ንግኻ እዩ ዝርኽመሽካ።

ተወፋይነት ኣብ ስራሕ ብዙሓ ዲሲፕሊን ድራኸበን እምንቶን እዩ። ኣብ ስራሕ ተብዮኦ ኣብ ምውሳድ ቀጨወጮው ክብለካ እንከሎ፡ ተወፋይነት ጥራይ እዩ ንቕድሚት ዘሕንዘካ። ‘ንጸቡቕ ኣተና’ ካብ ውድዓዊ ወጽኢት ዝፈልየ እውን ንሱ እዩ። ኣብ እዚ መዋእል እዚ፡ ሰራሕተኛታት ከውንነዎ ዝኽእሉ እቲ ዝበለጸ ብልጫ እውን እዩ።

ወፋያት ሰራሕተኛታት ከቶ ኣይሕለሉን እዮም። ንሳቶም ወትሩ ንዝኾነ ስራሕ ድሉዋት እዮም። ሓንሳእ ቃል ንዝኣተውዎ ኣየዕብርዎን እዮም። ዋላ ከኒታት ኣይጥዓምምዎ፡ ስራሖም ከይጻፈፉ ድቃስ ኣይወስዶምን እዩ። እዚ ከሚዚ ዓይነት ብልጫ፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ ኣብ መንጎ ሓደ ትካልን ዓማዊሉን ልዑል ምትእምማን እዩ ዝፈጥር። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ነቲ ትካል ዝያዳ የሐይሎ።

ተወፋይነት ብዙሕ ጻዕራምነት ጥራይ ኣይኮነን። ብዙሕ ጽንዓት እውን እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም ብደሀታት፡ ዕንቅፋታት ከምኡ እውን ትሑት ገስጋስ ኪጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እዚ እዩ እምበኣር ድማ ተወፋይነት፡ “ጉዕዞኻ ቀጽል - እዚ ኣገዳሲ እዩ!” ዝብለካ።

ሹቶታት ናበይ ገጽካ ተምርሕ ከም ዘለኻ ይሕብሩኻ፡ ዓቕምኻ ምስ ክእለትካ ተወሃሂዱ ነቲ ኣብ ስራሕ እትደልዮ የዕጥቐካ። ጽዓትን ጺጋታትን እውን ይቐርበልካ።

ናይ እዚ ኹሉ ጠማሪ ግዱ ተወፋይነት እዩ። ተወፋይነት እዩ ክሳብ እቲ ስራሕ ዝዛዘም፡ ንቕድሚት ብዘይምቕራጽ ንኽትቕጽል ዝኹብረካ።

ኣብ ስራሕ ተወፋይነት እንተ በኺሩ ዘውርዶ ሳዕቤን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ተወፋይነት ኣብ ዘይብሉ ስራሕ፡ ምድንጓያት ክኽሰት ግድን እዩ።

ገለ ትካላት ክኢላታት ሰራሕተኛታትን እኹል ጺጋታትን እናሃለወን ንቕድሚት ገጸን ዘይግስግሳ ኣለዋ። ንኣብነት ገለ ሰራሕተኛታት፡ ዋላ ኩሉ ሓበሬታን መምርሒታትን እናሃለዎም፡ ናብ ሓላፍቶም ጽፉፍ ጸብጻብ ኣብ ምምሕላፍ ዝድንጉዩ ኣለዉ። ከም እዚኦም ዓይነት ተወፋይነት ዝሓጸርም ሰራሕተኛታት ሒዝኩ ትካልካ ክተማዕብል ምሕር ከቢድ እዩ።

ተወፋይነት ዘይብሎም ሰራሕተኛታት ቀልጢፎም እዮም ካብ መስመሮም ዝወጽኡ ወይ ዝዘንብሉ። ኣብ ስራሕ ገለ መሰናኽል ኪጋጥም እንከሎ፡ ናብ ምህውታት ገጾም ከምርሑ ይኽእሉ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንገዛእ ርእሶምን ንመምርሒቶምን ዕንቅፋት ክኾኑ ይረኣዩ።

ትሑት ተወፋይነት ዘለዎም ሰባት፡ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ገዛእ ርእሶም ትሑት እምነት ዘለዎም እዮም። ብዘይ ርእሰ ተኣማንነት፡ እኹል ጻዕሪ ክግበር ዘይሕሰብ እዩ። ንሳቶም ኣብ ኩሉ ነገር ስለ ዝጠራጠሩ፡ ካብ ክሰርሑ ዘይክሰርሑ እዮም ዝመርጹ። ምኽንያቱ፡ ንዝኾነ ስራሕ ሓላፍነት ክወስዱሉ ድሉዋት ኣይኮኑን።

ተወፋይነት ዝሓጸርም ሰባት ካብ መጻወድያ ‘ዞን ምቾት’ (comfort zone) ክወጹኡ ኣይደልዩን እዮም። ንሳቶም ካብ እቲ እምብዛ ዝመለኽዎ ስራሕ ክወጹኡ ኣይደልዩን እዮም። ነቲ ሓንሳእ ዝመለኽዎ ስራሕ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ እንከለዉ ውሕስነት ይፈጥረሎም እዩ። የግዳስ ኣብ ሓደ ደረጃ ደርቂም ይተርፉ ከም ዘለዉ ኣይስቀርምን እዩ።

ብዘይተወፋይነት ብቕዓትካ የንቀልቀል፡ ዓቕምኻ ይድረት ከምኡ እውን ዕድላትካ ትኸስር።

## ደረት ተወፋይነት

ወፋያት ሰባት ነቲ ዓቢ ሹቶኦም፡ ናብ ንኣሽቱ ዓወታት እዮም ዝመቓቕልዎም። ዝኾነ ነዊሕ መንገዲ፡ ብዮዕዶ ክትርእዮ እንከለኻ ጥራይ ዘይብጽሕ ክመስለካ ይኽእል እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም እውን ከምኡ እዩ። ንሓደ ስራሕ ክትጅምር እንከለኻ፡ “እምበርዶ ዚ ስራሕ ክዛዘሞ እኽእል እየ?” ዝብል ስክፍታ ክሰዕረካ ይኽእል እዩ።

ነቲ ስራሕ ብመደብ እንተ ኸፋፊልካዮ ግዱ ነቲ ስራሕ ንምዝዛም ሓደሽ ምንቅቓሕ ክፈጥረልካ ይኽእል እዩ። ዋላ ናብ ሓደ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ክትሓኩር እንከለኻ፡ ነቲ ደረጃታት ሓደ ብሓደ ኣብ ምሕኳር ጥራይ ከተድህብ እንከለኻ ኢኻ ብዘይትህኪት ክትሓኽሮ እትኽእል። ናብ ጫፍ ናይቲ ህንጻ እናሓሰብካ ክትሓኩር እንተ ጀሚርካ ግዱ ብኢጋኡ ኣብራኽካ ራዕራዕ ክብለካ ይኽእል እዩ።



ንኣሽቱ ዓወታት ተደማሚሮም ዝፈጥሩልካ ፍናን ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ፍናን ንባዕሉ፡ ንተወፋይነትካ ዝያዳ እዩ ዘሐይሎ። ሓያል ተወፋይነት ከኣ፡ ዝዓበየ ዓወት የምጽእ።

ወፋያት ሰራሕተኛታት ተሓታትነት ኣይፈርሑን እዮም። ቅድም ቀዳድም ኣብ ቅንዕናኦም ስለ ዝተኣማመኑ፡ ንተሓታትነቶም ባዕሎም እዮም ዝደልይዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ተሓታትነት ዘይብሉ ስራሕ፡ ንብልሽውናን ካልእ ድኽመትን ከም ዘቃልዕ ልዕሊ ሰቦም ይፈልጥዎ እዮም።

ወፋያት ሰባት ኣብ ቀጻሊ ገስጋስ እዮም ዝርከቡ። ንሳቶም ንፍጹምነት ኣይጭሃቑሉን እዮም። ቀጻሊ ምስ ገዛእ ርእሶም እዮም ዝወዳደሩ። ካብ እቲ ትማሊ ዝበርዎ ንላዕሊ ዝሓሸ ንክኾኑ ዝኸኣሉም ይጽዕሩ።

ኣብዚ ጸቒጥና ክንስምረሉ እንደለ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ‘ንእሽቶ ዓወት’ ሸለል ክብሃል ከም ዘይብሉ እዩ። ንኣሽቱ ዓወታት ተኣኪቦም እዮም፡ ክንዲ እንቋ ዓወት ዝፍጥሩ ዘለዉ።

ወፋያት ሰባት ነቲ ዘኬይድዎ ጻዕሪ ኣፍልጦ ይህብዎ እዮም። ኣብ ቅጽበታዊ ወጽኢት ከይተደረቱ፡ ንዝበለጸ ወጽኢት ይጽዕቱ። እቲ ዝረኸቡዎ ዓወት ሓበን ይፈጥረሎም። እቲ ሓበን ተመሊሱ፡ በቲ ዘለዎም ናህሪ ኣብ ስርሖም ንኽቕጽሉ ድርኺት ይፈጥረሎም።

ተወፋይነት ንውልቀ ሰባት ጥራይ ኣይኮነን ዝርብሖ። ኣብ ናይ ጉጅለ ስራሕ ዘለዎ ኣበርክቶ እውን እምበር መጠን ልዑል እዩ። ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ሐደት ወፋያት ሰራሕተኛታት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ኑዮም ካልኦት ብትህኪት ዝተላዕጠጡ ሰራሕተኛታት ኣብ ምብርባር ክተሓጋገዙ ይኽእሉ እዮም።

“ዘይቀንእ ኣይወለድ” ከም ዝበሃል፡ ሃኪያት ሰራሕተኛታት ቡዮም ወፋያትን ቀጻሊ ኣብ ሞያኦም ዕብየት ዘገዝእርቑን መሳርሕቶም ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎም፡ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክሓኸሩ ተኽእሉ ኣሎ። ቀንዲ ዕላማ ናይ ቀረባ ሓላፊ ድማ ኣብ እዚ መዳይ ዘተኩረ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ወፋያት ሰራሕተኛታት ኑታ ዝሓዘዋ ስራሕ ኣብ መፈጸምታ ክሳብ ዘብጽሕዋ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ከርንዓት ብደሀታት የጋጥምዎም እዮም። የግዳስ፡ ንሳቶም ብዘጋጥምዎም መሰናኽላት ይኹኑ ብደሀታት ከይተሰናበዱ፡ ስናም ነኺሶም ኣብ ስርሖም ይቕጽሉ። በቲ ዝርእዩዎ ጽንዓት ድማ ንመሳርሕቶም የነቓቕሑ።

ኣብ እቲ ዝሰርሑሉ ትካል፡ ባህሊ ተኣማንነትን ኒሕን ክሰርጹ ኣይጸገሙን እዮም።

ተወፋይነት ምስ ንጹራት ሹቶታት፡ ሓያል ክእለት፡ ስጡም ዓቕሚ፡ … ክተኣሳሰር እንከሎ፡ ናብ ሓደ ደረጃ ክትሓኩር ትኽእል። ሊቃውንቲ ነቲ ደረጃ፡ ‘ዞን ጽልዋ’ (Impact Zone) ይብልዎ። ኣብ እዚ ደረጃ ክትበጽሕ እንከለኻ፡ እቲ ዝበለጸ ጻዕርኻ ዝያዳ ይውሕዝ። ዓቕምኻ ድማ ብምልኣት የገዝፍ።

ተወፋይነት ክጸዋ ድርኺት እዩ። ዋላ ኣብ እቲ ድርኺት ዝጠፍኡሉ ህሞት፡ ዘቐጽለካ ዲሲፕሊን እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም ዝገዝኣ ፍልልይ መብዝሕትኡ ግዜ፡ ካብ እቲ ሰራሕተኛታት ዘርእይዎ መጠን ተወፋይነት እዩ ክበሃል ይከኣል። እቲ ብወፋያት ሰራሕተኛታት ዝተመልአ ትካል፡ ነቲ ብዋሕዲ ወፋያት ሰራሕተኛታት ዝሳቐ ትካል እንተ ዓብለሎ እምበኣር ከቶ ዘገርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

> “ዓይነት ህይወት ሓደ ሰብ፡ ኣብዩ ዓውዲ ክብርሕ ምርጫ ኣለዎ ብዘየገድስ፡ ምስ ተወፋይነት ንብቕዓቱ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ።” - ቪንስ ሉምባርዲ
>
> “ድርኺት እቲ ነቓሒቕ ዘየዋጽካ እዩ፡ ተወፋይነት ከኣ እቲ ብሓይሊ ከም እትሕንበብ ዝንብረካ እዩ።” - ጂም ሮን

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ገና...

*9 ጥቅምቲ*

*01፡00 ቅ.ቀ. - ባጽዕ*

መሬት ንርእሳ ኢላ ትወግሕ ድዩ ዝብሃል፡ ኣነ'ውን ብግደይ ኵሉ ከቢቡኒ ዘሎ፡ ንርእሱ ኢሉ ክወግሓለይ እምነ ኣለኹ። ጸጸኒሐ ከዕለብጥ፡ ናሕሲ ናሕሲ ክጥምትን ግዜ ጠቕሊሉ ምሕላፍ ኣብዩኒ። ኣብ መንጎ ተቓርቂረ፡ ዋላ'ኳ ጽባሕ ዝብሎ'ን ዝገብሮን እንተ ዘይፈልጥኩ፡ እዛ ለይቲ'ውን ወግግ ንምባል ደንጉያትንስ ጸሊኣያ። ነተን ብፍጹም ክዝክረን ዘይደሊ፡ እህህታይ ዝነገሰለን፡ ንብዓተይ'ውን ብዘይ ብቂ ዝዛረየለን ለይትታተይ ድማ ኣዘኻኺራትኒ።

ብዛዕባይ ክሓስብ ጸኒሐ፣ ተመሊሰ ንፍቕረይ ዘኪረየ፡ "እንታይ ይገብር ይህሉ፤" በልኩ። ብዘይጥርጥር ብዙሓት ሓሳባት፡ ኣብ ውሽጡ ይገማድሑ ኣለዉ። እቲ ቅድሚ ቍሩብ ሰዓታት ዘብነንኩዎ ሓጐሱ ተራእዩኒ። ቃላት ኣፈይ ምስ ሰምዐ፡ ገጹ ክቀያየርን ፍሽኽታኡ ክበንን ሓደ ኰይኑ። ፍቕሩ፡ ኣውራ ከኣ ክብረቱን ሓልዮቱን ኣኺሉ'ዩ ዝተርፈኒ። ወዮ ዘይነግሮ



ደኣ ኰይነ እምበር ብሓደ ኣብ እንህልወሉ፡ ካብኡ ምፍላይ ኣዝዩ ይኸብደኒ። ምሳይ እንከሎ ኣመና እናፍቖ። እናተረድኣኒ እቲ በረውረው ዝብል ዝነበረ ገንኢ ውሽጠይ፡ ዝጸማእኩዎ ሓጐስ መሊኡ ቀምበይበይ ይብል።

ጸጸኒሐ እግረም! እዚ ዝበለ ፍቕሪስ፡ ኣብቲ ጸልማትን ተስፋ ዘይነበሮን ጐደናይ፡ ኣናድዩ ዝረኸበኒ ይመስለኒ። ሎሚ ግን ኣሪጉ'ዩ ዝበልኩዎ ስምዒት፡ ተሓዲሱ ንምሉእ ኣካላተይ ተዘሪኡዎ። 'ኣነ እሕይል፡' ዝብል እንክመስል ከኣ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ፍቕረይን ግትር ኢሉ ዓጊቱኒ።

ኣብቲ ህዱእ ገምገም ባሕሪ፡ ምስቲ ጸጸኒሑ ሓሸው፡ ሓሸው፡ ዝብል ዝነበረ ድምጺ ጸፋዕታ፡ ኮፍ ኢለ ኣምስየ። ድምጺ ባሕሪ እንተ ዘይኰይኑ ካልእ ዝሰማዕ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ፍቕረይ'ውን ግዲ ምስ ነብሰይ ክላዘብ ደልዩስ፡ ምስ ድርዳር ሕቶታተይ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ገዲፉኒ ከይዱ። ካባይ እናርሓቐ እናኸደ፡ ቀው ኢለ ተዓዚበዮ። እናጐየኺ ኣርኪብኪ ብድሕሪኡ ሕቝፍ ኣብልዮ መጺኡኒ፣ ግዳ ኣይገበርኩዎን።

"እንታይ'የ ኰይነ፤" ብምባል ንነዊሕ ተመራሚረን ተፈላሲፈን። ኣብ ውሽጠይ፡ ዛንታ ትማሊ ኰድም ኢሉ ጸኒሑኒ። ዝዓጸኹዎ ደብተር ዝኽርታት፡ ከየፍቀድኩሉ እናተገናጸለ ንኣእምሮይ ረቢሹዎ። መልሲ ግን ኣይረኸብኩን፣ ሕቶኡ ድዩ ቀልጢፉኒ፤ ወይስ ኣነ'የ ንሕውየተይ ደንጉየ፣ ርግጸኛ ኣይኰንኩን። ምስ ፍቕረይ ኣብ ካልእ ግዜ፡ ተራኺብና ነይርና ክንከውን ሃሪፈ። ንፍቕሩ፡ ብበሰላ ዘይተጐብአ ልበይ ምተቐበልኩዎ። ንነፍሲወከፍ ስጉምተይ፡ ካብቲ ኣብ መዓሙቕ ውሽጠይ ተቐቢሩ ዘሎ ፍርሐይ ዘይኩነስ፡ ብንጹህ ስምዒት ጀሚረ ምዛዘምኩዎ።

ሕቶ መርዓ፡ ንድጉል ቃንዛይ ኣበራቢሩዎ። እቲ ንነዊሕ ግዜ ምርስዑ መሪጸ ዝዓበጥኩዎ፡ ሎሚ ምቹእ ቦታ ረኺቡ፡ ከይተዳለኹ በሎኸ ኢሉ ብኣፈይ በሲዑ ወጺኡ። በይነይ ዘይገጠምኩዎ ክንሰይ፡ ምስ ፍቕረይ ኲይነ ግን ዝሰገርኩዎ ይመስለኒ ነይሩ። ንነብሰይ ኣመና እበቃ፣ ዳግም ከይትህሰየኒ ግዲ እፈርሓ ኣለኹ፡ ንኻልእ ሰብ ኣሕሊፈ ክህባ ዓቒብ ኲይነኒ።

ናይ ፍቕረይ ሓይሊ ግን ተመሊሱ ገሪሙኒ። ምጽእ ኢሉስ ኣብ ሕቝፉ ኣእትዩኒ፣ ንነዊሕ ጸኒሕና። ገና ኣይረጋእኩን። ዋላ ሓንቲ ቃል ከይምለቑ፡ ናብ መደቀሲ ክፍሊ ኣቲና። ኣደቂሱኒ ካብቲ ክፍሊ ክወጽእ እንከሎ፡ ካብ ክልተና ዝተዛረበ ኣይነበረን፣ ምጥምማት ጥራይ። ቍስለይ ኣይሓወየን፣ "ገና... ኣይሓወኹን፡ " ክብሎ ደልየ። እታ ቃል ግን ገና ካብ ኣፈይ ምውጻእ ኣብያትኒ። ጽባሕ እንታይ ክብሎ'የ፡ እንድዒ።

ሚታና

## ቀለቤተይ

*01 ጥቅምቲ 2026*



ክቢ እምንቶኺ ሓደ ምስ ሓደ ምጽናዕ - ምጽንናዕ ዝብል ጥራይ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ። ወሃብ ክትወሃብ ገይረዮ ድማ እንተስ ንኽባኺ ኣሚነ ምልኣት ተጸብየ፡ እንተስ ተገሪሀ እንድዒ፡ ሓጐሰይ ካብ ሰብ ተጸብየዮ'የ። ዳህሲሰኪ፡ ንኽባኺ ዘይነቐዐ ከም ኣምሳልኪ ናብራ ንኽህበኒ፡ ክንደይ ግዜ'ሞ ፋል ዘይገበርኩ። ንኽብርኽን ትጽቢታተይን ከሳሊ ንዘይርሳዕ ጽባቐ ናይ ኣነ፡ ኣነ ምዃን ረሲዐ፡ ንስኺ'ውን ኣግዲዕክኒዶ ሓቀይ፤ ውነይ ንፍቕርን ጻዕርታቱን እናሳለየስ፡ ዘይከም ናይ ኢዱ ምርካቡ'ሞ፡ ንመንን ምስ መንን'የ ክራገሞ፤ ግዳ መሪሕ ፍቕረይ ኣባኺ ብኸምዚ ዳግመ ምሕዳስ ገይረሉ ኣለኹ።

ቀለቤት ምስ 'እሙን ምዃን' ዝተሓሓዘ ካብ ኰነ፡ ንሕልመይን ጻዕሩን ብናይ ስነ ምግባር ቍልፊ ንኽቘልፎ፡ ኢለ ደጊም ቀለቤተይ እኣስረኪ ኣለኹ። ሓደራኺ ደጊምስ ኣይተሕፍርኒ። ኣነ'ውን ባህረይን ባህገይን ገዲፉኒ ጸዓት ወነይ ከፍስሰልኪ'የ። ኣይንፈላለን ድማ።

**ኣዜብ ገብረእግዚኣብሄር**

## መያድያ ፍቕርና

*11 ለካቲት 2012*

*7፡30 ድ.ቀ. - ኣብታ ቦታና*

ምውቕ ዝበለ ናይ ምሕዝነት ግዜና ከይተፈለጠና ናብ ዕርክነት'ዩ ሒዙና ከይዱ። ምጩው ገጻ፡ ስሓቓ፡ ኵሉ ክኹነልካ ዝኽእል ቅርጺ ኣካላታ፡ ልዕሊ ኵሉ ክልተኣን ኣራንሺኣ ከዕብዳኒ'የን ደልየን። ከፊልካ ይፍቀር እንተ ኰይኑ ንእኣን ምመረጽኩ። ማዕጓር ኣይኰነትን፣ ዝማጦጐት'ውን ኣይኰነትን። ገጻ ከባብ እያ፣ ልዕሊ ምኽባባ ግን ወትሩ ንእሽተይ ጓል'ያ ተምስላ። ብእኡ ከኣ ፍቱው ኣብላ። ክሳብ ትሓርቕ ንኽስ'የ ዘብላ። ምሕዝነትና ከይተፍለጠና ናብ ዕርክነት ተቓይሩ። ብልቢ ተፍቅረኒ እንተ ኰይና ክሓታ ክብል እንከለኹ፡ "ኣይትሕተተኒ፡ ሕቶ ኣይፈቱን'የ፡" ትብለኒ። ኣብ ዝኾነ ኣርእስቲ ደስ ዝብለካ ሓሳባት እናሃበት፡ ኣብዛ ጕዳይ ዘረባ ቈልዓ ምግባራ ደስ ኣይበለንን። ኣነ ኣፍ ኣውጺእና ብፍቕርና ብናጽናት፡ ፊዕ ከም እትብል ብተይ፡ ክንጻወት፡ ክንገልጽ፡ ከም ዝኾነልና ክንከውን፡ ከምኡት ከምኡታት ክንከውን እደሊ። ሕቶታት ዝበዝሖ ፍቕሪ ጽቡቕ ኣይኰነን ግዲ ኢላ ሓሲባ፡ ኣይሓገዘትንን። በቲ ሓደ ወገን ሓቃ'ያ። ህይወት ከም ባህታኻ ዘይከተስተማቕራ ትኽእል ኢኻ። ሕቶታት፥ ኣክንዲ ብዛዕባ ፍቕርኻን እትውዕሎ ምቁር መዓልትን ትሓስብን ትሰርሕን፡ ዘየድልየካ ሓላፍነት ተልዕል ኢኻ። ዘይናትካ ሓላፍነት ምልዓል፡ ብዛዕባ ሰብ ኣባኻ ዘሎዎ ትጽቢታት ምሕሳብ፡ ነቲ ሓቂ ንስነትካ ኣጥፊኡ ዕዋና ክገብረካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ህይወተይ ከም 'ምጥዓስ' ዝብሉዎ ዘጽልኣኒ የለን። እቲ ኵሉ ዝኸዶ ከኣ ደስ ኢሉኒ ክኸዶ'የ ዝደሊ። ከምቲ ባህገይ ዘይኰነ ጕዕዞ፡ ጽባሕ ከየጣዕሰኒ እፈርህ'የ።

ዝጀመርናዮ ዕርክነት ዘየድልየና ዕዮ ገዛ ኣይተሰከምናሉን። ንሳ ከምኡ ምሕሳባ ሕጂ ዝያዳ ከም ዝናፍቓ ገይሩኒ ኣሎ። ድሕሪ ሓጺር፡ ምቁርን ተናፋቕን ናይ ዕርክነት ህይወትና፡ ንግዜኡ ብዘይ ምዝርራብ ተፈላሊና። ከምዛ ጽቡቕ ፍቕሪ ዘየሕለፍና፡ ከምቶም 'ኖርማል' ዝፋለጡ ሰብ፡ ሰላም ክንብሃሃል ጀሚርና። ቍሩብ ጸኒሕና ከኣ ናይ ኣሕዋት ባህሪ ከነርኢ ጀሚርና። ጸኒሕና ከኣ ናብታ ምሕዝነትና ተመሊስና። ቀጺልና ከኣ ናብታ ዕርክነትና ክንምለስ ኢና። እታ ዕንክሊልና ንሳ'ያ። ህይወትሲ ዘይብቓደሙ



ዕንክሊል እያ፣ ኵሉ ይጅምር፡ ኲሊሉ ናብ መጀመርታኡ ይምለስ። ከም ወዮ፡ ሓመድ ኢኻ'ሞ ናብ ሓመድ ተመለስ'ዩ።

ዝኾነት ትኹን መዓልቲ ተስፋ ኣይቈረጽኩን። እቲ ዝሓለፈ ተዋስኦ ከም ዘይኰነ እፈልጥ'የ። ውዒልና ሓዲርና ናብ ዝነበርናዮ ክንምለስ ምኻና ኣብኡ እንከለኹ እፈልጥ ነይረ። ክሳዕ ሕጂ'ውን ብሓደ'ምበር በበይንና ኣለና ኢለ ኣይሓስብን። ንሳ እቲ ዘሎዋ ነገራት ከተጽሪ ጥራይ'ዩ ግዜ ዝህባ ዘለኹ።

ትማሊ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንመገሻ ነቒላ፡ ኣፍንየያ። ንምሽቱ እቲ ንዛወረሉ መገዲ በይነይ ክኸዶ ጀሚረ። ኣብ ሓሳበይ ግን ምሳይ ነይራ። ከይተፈለጠኒ ኣብቲ ንጥወየሉ ቦታ በጺሐ፡ ኣብ ደረት ጽርግያ ኮፍ ኢለ። እዘን ሓጸርትን ውሑዳት ግዜ ዝተራኸብናለን፡ ተመሊሰ ርእየየን። እንታይ ኰይነ ክንድኡ ጠፊኣያ ቀንየ ኣሕሲቡኒ። ኣይተረድኣንን'ምበር ኣጸምየያ'የ። ከም ቀደማ ዘይምኹራያ ኣገሪሙኒ። እቲ ቀደም ደኣ ከመይ ድያ ነይራ፣ እቲ ብዙሕ ትናፍቖ፡ ብዙሕ'ዩ ዘኹርያ ነይሩ። ኵራ ምልኣት ክንዲ መርፍእ፡ ስዕም ምስ ኣበልካ'ያ ትጠፍእ እያ ትብሃል። "ድሓን ድሕሪ ሕጂ ክትርእየኒ ኢኻ፡" ትብለኒ እሞ፡ ኣብ ሰሙነይ ክምለሳ እንከለኹ ረሲዓቶ ትጸንሓኒ።

ሎሚ ከቢዳ'ላ፣ ኣዝያ ረጊኣ ኣላ። ስቕ ምባላ፡ ካብ ገዛ ክትወጽእ ዘይምድላያ፡ ከም ቀደም ስሓቓ ዘይምቕዳሙ፡ እንታይ ኰይነ ዘየስተውዓልኩላ። ኣነ ከኣ ብግልባጡ ውዕየ፡ ዋዛ እናደርበኹ ምስሓቓ ጥራይ ኰይነ። ብዙሕ ዝዕለል ነይሩዋ ይኸውን፣ ዘቐንዙዋ ነይሩዋ ይኸውን፣ ዘጨንቓ ነይሩ ይኸውን። ከምኡ ዓይነት ባህሪ ደሞ ኣማዕቢላ ትኸውን፤ ይስተረኒ! እፈትዋ ነይረ'የ'ሞ፡ መሊሰ ክጽለል'የ። ነቲ ዝነበራ ባህሪ፡ ልቦና እንተ ዝኽዕወሉ፡ እዚ ለንቅነ ዝረኣኹዎ ክርኢ ምተጸበኹ እኸውን'የ። ብምንታይ'ሞ ክሓታ'የ፤ ክሳዕ እትመጽእ ምጽባይ ጥራይ'ዩ፣ ካልእ ኣማራጺ የብለይን። እዋይ ቀነ ክቕሎ ክቕኒ'የ። እንተ ክኢለስ ዓቕሊ ክገብር እንታይ ደኣ።

## ንገሩዎ'ባ!

ጕንፊ ድዩ ተታሒዙ
ረሲዑ መን ምዃኑ፣
ማይ ገጭቡ፡ ጸበል ንጸግሉ
ዓቐኑ ንገሩዎ፡ እቲ መጠኑ!
ንገሩዎ ... ሓየት'ያ በሉዎ
　　　ሓራስ ነብሪ፡
ምስ ነደረት ዘይብላ መላሲ!
ኣበራብሩዎ! ቌንጥዉዎ!
በደኣ - በቦኣ -
በኣሕዋታ - ብደቃ፣
　　ምናዳ ምናዳ
ብዓዳ - ብደቂ ዓዳ
　　　ዝመጽኣ
ሓንቲ'ያ ወስታኣ!
　　ድዕኽ - ከም ድልኽ!
　　　　　በስ!

**ሜሪ ማና** - /ጥቅምቲ 2026/



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ይቕጽል

### ሓሊበት ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓወት ኣስተማቒራ

ስፖርታዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝሓለፈ መዓልታት ቀጺሉ፡፡

ቀዳማይ ዙርያ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ክዘዘም ሰለስተ ግጥማት ተሪፍዎ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ጋንታታት ናብ ዝስዕብ ዙርያ ንምሕላፍ ኣብ ሓያል ተውዳዳርነት ተጸሚደን ኣለዋ፡፡

ሰኑይ ዋልታን ኣቡሓፂን ተራኺበን፡፡ ወላ'ኳ ክልተኣን ጋንታታት ብርክት ዝበለ ፈተነታት እንተኣካየዳ፡ ንሽቶ ዝበቕዕ ግና ኣይሃብረን፤ 0-0 ተፈላልየን፡፡ ኣሰልጣኒ ዋልታ ተሰፋኣለም ወልደጋብር፡ ኣብ ልዕሊ ዳኛ ተቓውሞ ብምስምዑ፡ ብቀይሕ ካርድ ተባሪሩ፡፡ ሰማር ሰሌማን ናይ ኣቡሓፂ ድማ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡

ክልተ ነጥቢ ጥራይ ዝነበራ ሓሊበት፡ ምስታ ብ10 ነጥቢ ነቲ ውድድር ትመርሖ ዘላ ሳብር ገጢማ፡፡ ናብ ዕረፍቲ 0-0 ድሕሪ ምውጽኣን እንተኾነ ዓወት ማዕረ'ውን ዘዮዋጽኣ ዝነበረ ሓሊበት፡ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ያሬድ ኣብርሃም ብዘመዝገባ ሽቶ፡ 1-0 ተዓዊታ፡፡ ነጥባ ድማ፡ ናብ ሓሙሽተ ክብ ኣቢላ፡ ምስ ዓቲሮ ተካይዶ ናይ መዘዞሚ ግጥም ተማዕዱ ኣላ፡፡ እቕሩን መዐወቲትን ሽቶ ዘመዝገበ መድሕን ጋንታ ሓሊበት ዝኾነ ያሬድ ኣብርሃም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊዑ፡፡



ብሉጽ ተጻዋታይ ጋንታ ሓሊበት - ያሬድ ኣብርሃም

## ሮናልዶ ተቐጺዑ

### "ሮናልዶ፡ ንዓይን ንማን ዩናይትድን ተሰፋ ኣቑሪጹና እዩ" ተን ሃግ

ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ፖርቱጋል፡ ንክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ን30 መዓልታት ካብ ጸወታ ክእገድን 255 ዩሮን ቀጺዕዎ - ድሕሪ'ቲ እዚ ሓሊፉ ጋንታ ካብ መዓስከር ጋንታኡ ብጉጅሌ ፍቓዱ ምኻዱ፡፡

ሮናልዶ፡ ምስ ኣሰልጣኒ ናይታ ጋንታ ጆርጅ ጀሰስ ብዘይምስምማዑ እዩ፡ ካብታ ንጸወታ ኔሽንስ ሊግ ኣብ ደኒማርክ ዓስከራ ዝነበረት ጋንታ ወጺኡ፡ ናብ ገዛኡ ኣምሪሑ፡፡

ብመሰረት ሕግታት ናይቲ ፈደረሽን፡ ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝፈጸመ ተጻዋታይ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክቕጻዕ ይኽእል፡፡ ንሮናልዶ ከኣ፡ ናይ ሓደ ወርሒ መቕጻዕቲ ወሲኖሙሉ ኣለዉ፡፡

ይኹን እምበር፡ እዚ ናይ 30 መዓልታት መቕጻዕቲ፡ ካብ ጸወታ ናይታ ጋንታ ዝኣለየ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ እቲ መቕጻዕቲ፡ ካብታ ካብዛ ጋንታ ዝተኣለየላ ዕለት 30 መስከረም ዝሕሱብ ብምዃኑ፡ ኣብ ዝቕጽሉ መዓልትታት ኩቡቕዕ እዩ፡፡

በዚ ድማ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣንጻር ደኒማርክን ዌልስን ተሰሪዑሎም ኣብ ዘሎ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ክሰለፍ ይኽእል እዩ - ጀሰስ ምስ ዝመርጾ፡፡

እንተ'ቲ ናይ 255 ዩሮ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፡ ንሮናልዶ፡ ናይ ቋሕ ሰም መሃያኡ እዩ እንተተባህለ፡ ምግናን ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 200 ሚልዮን ዩሮ ዝኽፈል ተጻዋታይ፡ ሕሳቡ ናብ ደቒቕ እንተተቐሚሩ፡ ኣብ ደቒቕ 400 ዩሮ ስለዝኽፈል፡፡ "255 ዩሮ ኣብ 38 ካልኢት እዩ ዝኽፈሎ" ድማ ትብል ደይሊ መይል፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ኣቡቲ ንማን ዩናይትድ ዝዕልመሉ ዝነበረ እዋን፡ ሮናልዶ፡ ብሕማቕ ከምዝጸለዎ ገሊጹ፡፡

ንሱ፡ "ሮናልዶ፡ ነዛ ጋንታን ንዓይን ኣውዲቑና እዩ፤ ተስፋ ኣቑሪጹና፤ ምኽንያቱ፡ ምስኡ ኢና መደብ ኣውጺእና ነርና፡፡ ቅድሚ ናብ ዩናይትድ ምምጽኣይ፡ ናብ ፖርቱጋል ተጓዒዘ ብዛዕባ ዝመደብኩዎ ኣዕሊለዮ እየ፡፡ ብልክዕ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ እዩ፡ ዓቢ ኣኽብሮት ኣሎኒ፡፡ እንተኾነ፡ ንተጻወትቲ ብሕማቕ ጸልዩዎም እዩ፡፡" ክብል፡ ከም'ቲ ዝዘርዘረብዎን ከም ትጽቢቱን ከምዘይኮነ ገሊጹ፡፡

ሮናልዶ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2022፡ ኣንጻር ቶተንሃም ኣብ ዝነበሮም ጸወታ፡ ብተን ሃግ ኣብ ናይ መወዳእታ ደቓይቕ ቀይሩ ክኣቱ ምስ ተሓተ፡ ከምዝኣበየ ይዝከር፡፡ እቲ ዓሌሚ፡ ኣብ ዝሰዓበ ጸወታ ኣንጻር ቸልሲ ከኣ፡ ከምዘይተጠቐመሉ ኣይርሳዕን፡፡

በዚ ጉዳይ ድሕሪ ዘይምስምማዕም፡ ሮናልዶ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር ቃለ መሕትት ብምግባር፡ እታ ጋንታ ከምዝጠለመቶን ንተን ሃግ ከምዘየኽብሮን ተዛሪቡ፡፡ ድሕሪ'ዚ ከኣ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ካብታ ክለብ ወጺኡ፡፡





## ፊፋ፡ ንግብጻውያን ቀጺዑ



ኣመሓዳሪ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ፡ ንኣሰልጣኒን ዳይረክተርን ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ግብጺ ሓደ ተጻዋታይን ቀጺዑ፡፡

ግብጺ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ዙር 16፡ ኣንጻር ኣርጀንቲና ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ፡ ክሳብ መበል 79 ደቒቕ 2-0 መሪሓ ምንባራ ይዝከር፡፡

እንተኾነ፡ ብሊዮኔል መሲ እትቕለስ ዝነበረት ኣርጀንቲና፡ ካብታ ደቒቕ ጀሚራ ሰለስተ ሽቶታት ብምምዝጋብ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3-2 ተዓዊታ፤ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ፡፡

ድሕሪ'ቲ ጸወታ፡ ፊፋን ደያኑ ናይቲ ግጥምን ንኣርጀንቲና ከምዝሓገዙዋ፡ ግብጻውያን ከሲሶም ነይሮም፡፡ ኣብ ማዕከናት ዜና ቀሪቦም ከኣ፡ ኣሰልጣኒ ግብጺ ሆሳም ሓሰንን ዳይረክተር ናይታ ጋንታ ሓዉ ኢብራሂም ሓሰንን ከምኡ'ውን ተጻዋታይ ናይታ ጋንታ ሞስታፋ ዚኮ፡ ንዳኛን ውሳኔታቱን ነቒፎም፡፡

በዚ ድማ፡ ኮሚቲ ዲሲፕሊን ፊፋ፡ ንክልቲኦም ኣሕዋት ሰለስተ ግጥማት ክቕጽዖም እንከሎ፡ ኣብታ ጸወታ ሓንቲ ሽቶ ንዘመዝገበን ሓንቲ ንዘዘተሰረዘትሉን ዚኮ፡ ሓሙሽተ ግጥማት ቀጺዕዎ፡፡ ብደምር'ውን፡ 60 ሽሕ ዶላር ተቐጺዖም ኣለዉ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሆሳም፡ ትማሊ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ክብሪ እዩ ንዓይ፤ ጉዳያት ናብ ፈጣሪ እየ ዝገድፎ፤ ኣብ መጻኢ እንታይ ከጋጥም እዩ፡ ብሓባር ክንዕዘቦ ኢና፡፡" ክብል ንውሳኔ ፊፋ መልሲ ሂቡሉ፡፡

## ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ምዕራብ' ይቕጽል

ስፖርታዊ ውድድራት ኣሃዱታት እዚ ምዕራብ፡ ብኩዕሶ እግርን መርብብን ብክልተኡ ጾታ ኣብ ከተማ ባረንቱ ይቕጽል ኣሎ፡፡

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ፈንቅልን ሰቲትን ተጻዊተን፡፡ ዝተዓወተት ናብ ዝቕጽል ናይ ኣውዳቒካ ምሕላፍ ትሰግር ብምዃኑ፡ ክልተኣን ዓወት ጥራይ የገድሰን ነይሩ፡፡ ፈንቅል ከኣ፡ ካብ ናትናኤል መርሃዊ፡ ናትናኤል መሓሪ፡ ሲሞን እስቲፋኖስን ያሲን መሓመድን ሽቶታት ብምርካብ ብዓብላሊ ጸወታ 4-0 ተዓዊታ፡፡

ሂላልን ሰሮርን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ሰሮር ካብ የናስ ተኽለኣብ፡ ሂላል - ካብ ሓምድ እድሪስ፡ ሽቶ ኣመዝጊበን 1-1 ተፈላልየን፡፡ ሲሞቲ ድማ፡ ካብ መትከል ትካቦ ሰለስተ ሽቶታት ካብ ፈልሞን ዳዊት ክልተ ሽቶታት ብምቕጻሩ፡ ንቢሻ ብጸፊሕ 5-0 ሰዒራታ፡፡ ሲሞቲ ብዘዋህለለቶ 10 ነጥቢ ናብ ኣውዳቒካ ምሕላፍ ምሕላፋ ክተረጋግጽ እንከሎ፡ ቢሻ ብኣግኡ ምትራፉ ዘረጋገጸት ጋንታ እያ፡፡

ኣብ ግጥም ሃዋሻይትን ዓዲሽሩምን፡ ብዕድመ ዝናኣሱ ተጻወትቲ ኣኽቲታ ዘላ ዓዲ ሽሩም፡ ንምጅኣል ሜዳ ብምዕባላ ኣብ ወሸጢ 10 ደቓይቕ ካብ ማቱሳላ መርሃዊን የሲያስ ዑቕባዝጊን ሽቶታት ብምምዝጋቡ፡ ናብ ዕረፍቲ 2-0 መሪሓ ወጺኣ፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሃዋሻይት ካብ መርሃዊ ሓደሽ ክልተ ሽቶታት'ኳ እንተኣመዝገበት፡ ካብ ርቡል ጠዓመ ሽቶ ዝወሰኸት ዓዲ ሽሩም፡ 3-2 ተዓዊታ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሂላል ካብ የርሳሌም ክብሮም ብዘርኸበታ ሽቶ ንሰሮር 1-0 ሰዒራታ፡፡ ፈንቅል ድማ፡ ብፍጹም ቅላዕ ካብ ነጃት ዳፍዐን ናእሚ ጸጋየን ሽቶታት ኣቑጺራ፡ 2-0 ሰዒራ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣወላ ካብ ትምኒት ጉብረህይወት ሰለስተ ሽቶታት፡ ሓንቲ ድማ ካብ ቤተኤል ጉብረማርያም ኣመዝጊባ፡ ካብ ሚካል ንገሰ ሓንቲ ሽቶ ንዘርኸበት ባርካ 4-1 ሰዒራታ፡፡ ሃዋሻይትን ዓዲሽሩምን ድማ፡ 0-0 ተፈላልየን፡፡

ኣብ ኩዕሶ መርብብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ደርማስ ንቢሻ፡ ላልምባ ንኣወላ፡ ሃዋሻይት ንባርካ፡ ኮኮብ ንቢሻ፡ ጾታ ከኣ፡ ንዋልታ ብተመሳሳሊ 2-0 ሰዒረንኦን፡፡

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ላልምባ ንክታይን፡ ገልዓሎ ንዝራን ብተመሳሳሊ 3-0፡ ሂላል ንሲሞቲ 3-1፡ ጾታ ንዋልታ 3-2 ከምዝሰዓረአን ተፈሊጡ፡፡



## ባሎን ዲ'ኦር . . .

ፈረንሳዊት መጽሄት ዓደሊት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር፡ "ናይ ኩሉ ግዜ ዕዉት ባሎን ዲ'ኦር መን እዩ" ዝብል ሓዲሽ ሓሳብ ብምምጻእ፡ ተዓዘብቲ ድምጾም ብምሃብ ክመርጹ ከምዝኽእሉ ኣፍሊጡ፡፡

እዛ ኣብ 1956 ዝጀመረት ሽልማት፡ እንተውሓደ ክልተ ግዜ ነዛ ሽልማት ንዝዕወቱዋ 10 ተጻወትቲ እያ፡ ኣብዛ ናይ ፈለማ ሽልማት ሓጺያቶም ዘሎ፡፡

ንሳቶም ከኣ፡ ኣልፍሬዶ ዲ ስተፋኖ፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሊዮኔል መሲ፡ ማርኮ ቫን ባስተን፡ ዩሃን ክሩፍ፡ ካርል-ሀንዝ ሩመኒገ፡ ሚቸል ፕላቲኒ፡ ብራዚላዊ ሮናልዶ፡ ከቨን ኪጋንን ፍራንዝ በከንባወርን ብምምራጽ፡ ተዓዘብቲ ክሳብ 27 ጥቅምቲ ድምጾም ክህቡ ሓቢራ ኣላ፡፡ ዛጊት ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ይመርሕ ምህላዉ'ውን ምንጪታት ሓቢሮም፡፡

ናይ 2026 ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ግን፡ 26 ጥቅምቲ ኣብ እንግሊዝ ከተማ ለንደን ክትዕደል እያ፡፡




### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ ሳልሳይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ኮሞ - ማን ዩናይትድ 7:45 ድ.ቀ
ለል - ጋላታሳራይ 7:45 ድ.ቀ
ስፖርቲን - ላሽክ 10:00 ድ.ቀ
ሪያል በቲስ - ፊዮኦርድ 10:00 ድ.ቀ
ኢንተር ሚላን - ሻኽታር ዶኔስክ 10:00 ድ.ቀ
ዌርር መሳክ - ኣርሰናል 10:00 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ቫያሊን 10:00 ድ.ቀ
ክሉብ ብሩጋ - ለንስ 10:00 ድ.ቀ
ሪያል ማድሪድ - ኣርቢ ሌፕዚግ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## “ፑቲን ምስ መራሕቲ ኣመሪካን ቻይናን ክራኸብ እዩ” *ጋዜጣ ዎል ስትሪት*

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ዘበገሶ ኣርባዕተ ዓመታት ዝቖጸለ ኲናት ዩክሬን ደው ንምባል፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግን ዋዕላ ክካየድ ሓሳብ ከም ዘቕረበ፡ ጋዜጣ ዎል ስትሪት ሓቢሩ።

እታ ጋዜጣ ንሓደ ብዓል መዚ ስለያ ሩሲያ ነበር ብምጥቃስ ኣብ ዘዘርገሖቶ ሓበሬታ፡ ፑቲን ዘቕረቦ ሓሳብ፡ ዝሓለፈ 9 ጥቅምቲ ምስ ትራምፕ ኣብ ዝገበሮ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ዝተበገሰ ኮይኑ፡ ኣመሪካ ኑዩዲ ሩሲያ ክትሽምትን ኣብ ዓለማዊ ዕዳጋ ደማ ንመሸጣ ናይ’ቲ ኑዩዲ ዝምችእ ባይታ ክተጣጥሕን ኣብ ስምምዕ ምብጽሖን ይፍለጥ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣመሪካ ንምውጋድ ኒዩክለሳዊ ዕጥቅታት ዝዓለመ ዝርርብ ምስ ሩሲያን ቻይናን ተካይድ ከም ዘላ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ሩሲያን ኣመሪካን፡ ኣብ ዓለምና እተን ክልተ ዝበዝሐ መጠን ኑክለሳዊ ኣጽዋር ዘውንና ሃገራት ክኾና እንከለዋ፡ ቻይና ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኑክለሳዊ ዓቕማ ብቕልጡፍ ከም ዘዕበየት፡ ኣህጉራዊ ትካል ምርምር ሰላም ስቶክሆልም ይሕብር።

ይኹን’ምበር፡ እቲ ፑቲን ዝሓሰቦ ዘሎ ዋዕላ፡ ምስ ምውጋድ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ዝተኣሳሰር ምኻኑን ዘይምኻኑን ጸብጻብ ዎል ስትሪት ጆርናል ብንጹር ኣይሓበረን ዘሎ።



## ካናዳ - ንመጻኢ ዕድል ኣውራጃ ኣልበርታ ዝውስን ረፈረንደም ተኻይዱ

ኣብ ምዕራብ ካናዳ እትርከብ ኣውራጃ ኣልበርታ፡ ንመጻኢ ዕድላ ዝውስን ረፈረንደም ንፈለማ እዋን ከም ዘቐደት ተሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ኣድመጽቲ ዝተሳተፉዎ ረፈረንደም፡ ኣስታት 77 ሚእታዊት ካብ ኣድመጽቲ ኣብ ካናዳ ንምጽናሕ ክውሰኑ ከለዉ፡ እቶም ናብ ምንጻል ዘምርሑ ማስርሒ ንኽጅመር ዝደገፉ ድማ 23 ሚእታዊት ከም ዝበሩ፡ ትማሊ ሰሉስ ዝወጸ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

እቲ ረፈረንደም፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ምስ ኣመሪካ ኣብ ዝቐደድ ዘሎ ንግዳዊ ኲናት ኑታ ሃገር ንምስጥጋር ኣብ ዝፍትኑሉ ዘሎ እዋን ብምኽያዱ ኑቲ መራሒ መኾስቲ ዓወት ምኻኑ ዝተፈላለዩ ወገናት ኣረዲኦም።

እቲ ረፈረንደም፡ ኑታ ብኡዳዊ ሃብታም ዝኾነት ኣውራጃ ኣልበርታ ቅጽበታዊ ናጽነት ንምሃብ ዘይተኣሱ መጻኢ ዕድላ ንምውሳን ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ካርኒ ኑቲ ውጽኢት ብዘዎምልከት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣልበርታውያን ንሓድነት ዝደግፍ ንጹር ምርጫ ከም ዝወሰዱ ገሊጹ።

ላዕለዋይ መራሒ ናይ’ቲ ኣልበርታ ካብ ካናዳ ንኽትንጸል ዝቃለስ ፖለቲካዊ ውድብ ጀፍሪ ራት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ እቲ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት ብዘየገድስ፡ ኣብ መጻኢ ናጻ ሃገረ ኣልበርታ ንምፍጣር ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ክቕጽል ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣልበርታ፡ ኣብ ዓለም ራብዓይ ዝዓበየ ዕቑር ኑዩዲ እትውንን ክፋል ዓለምና ምኻና ይንገር።




## ደ/ኮርያ፡ ዲፕሎማሰኛታታ ካብ ዩክሬን ትስሕብ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ደቡብ ኮርያ፡ ንገለ ኣባላት ናይ’ቲ ኣብ ዩክሬን ዝርከብ ኤምባሲ ሃገሩ ክስሕብ ከም ዝወሰነ ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።

ደቡብ ኮርያ ነዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ ድሕሪ’ቲ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ብዛዕባ ምስትግጋር ሰሜን ኮርያውያን ምሩኻት ኲናት ናብ ደቡብ ኮርያ ኣመልኪቱ ኣብ ፈለማ ናይ’ዚ ወርሒ’ዚ ዝሃቦ ኣካታዒ መግለጺ እዩ።

ዘለንስኪ፡ ዩክሬን ክልተ ኣብ ኲናት ዝተማረኹ ወተሃደራት ሰሜን ኮርያ ናብ ደቡብ ኮርያ ከም ዘይትግረሎም ንሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ድሕሪ ምሕባሩ፡ ደቡብ ኮርያ ቁጥዐኣ ንምግላጽ ክትሰሕብ ኣብ ዩክሬን ንዘርከብ ኣምባሳደራ ከም ዝሰሓበት ዝዘከር እዩ።

ደቡብ ኮርያ፡ እቲ ፕረዚደንት ዩክሬን ዝሃቦ መግለጺ፡ ንድሕነት እቶም ኣብ ሰሜን ኮርያ ዝርከቡ ስድራቤት ናይ’ቶም ምሩኻት ኣሰጋኢ ምኻኑ እያ ትሕብር።

ብዘወሰኸ፡ ኣብ መላእ ዩክሬን ዘሎ ቀጻሊ ደብዳብ ነፈርቲ ሩሲያ፡ ድሕነት ሰራሕተኛታት ናይ’ቲ ኤምባሲ ንምርግጋጽ ኣጸጋሚ ይገብሮ ብምህላዉ፡ ገለ ኣባላት ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታቶም ከቋርጹ ከም ዝተገደዱ እቲ ሚኒስትሪ ኣመልኪቱ።



## ጃፓን፡ መንኮርኮር ናብ ጠፈር ልኢኻ

ማእከል ጠፈራዊ ምርምር ጃፓን፡ ኣብ ዙርያ ፕላኔት ማርስ ኣብ እትርከብ ወርሒ ንምዕላብን ገለ ቅምሶታት ሓመድ ድማ ናብ መሬት ንምልኣኽን ዝዓለመ ጠፈራዊ ተልእኾ ከም ዝጀመረ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ‘ማርስ ሙንስ ኤክስፕሎሬሽን’ ዝተሰምየት መንኮርኮር ጠፈር ትማሊ ሰሉይ ካብ ማእከል ምርምር ህዋ ታኔጋሺማ ከም ዝተበገሰት፡ ብትካል ዳህሳስ ኣየርን ጠፈርን ጃፓን ዝቐረበ ቀጥታዊ ፈነወ ኣመልኪቱ።

እቲ ተልእኾ ከም’ቲ ዝተሓሰበ እንተደአ ቀጺሉ፡ ካብ’ታ ‘ፎቦስ’ ዝተባህለት ናይ ማርስ ወርሒ ዝተሓፍሰ ብውሑዱ 10 ግራም ቅምሶ ሓመድ ኣብ 2031 ናብ ምድሪ ክኣቱ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ጠፈራዊ ምርምር ዓለምና፡ ኣብ ፎቦስ ወይ’ውን ኣብ’ታ ንእሽቶ ወርሒ ማርስ ዝኾነት ደይሞስ ብዓወት ዝዓለበት መንኮርኮር ጠፈር ከም ዘየላ’ዩ ዝንገር።

ሕብረት ሶቭየት፡ ኣብ 1988 ክልተ ጠፈራዊ ምርምራት ኣበጊሳ እኳ እንተ ነበረት፡ ክልቲኡ ምርምራት ግን ተልእኾኡ ከም ዘይፈጸመ ይሕበር።



## ፒት ሄግሰት፡ ኣብ እስራኤል ዘይወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ

ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት፡ ኣብ እስራኤል ኣብ ዝገበሮ ብወግዒ ዘይተሓበረ ምብጻሕ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቤንያሚን ናታንያሁ ከም ዝተራኸበ፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ኣክሲዮስ’ ምንጪታት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ሄግሰት እውን ኣብ’ቲ ድሒሩ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ንማእከላይ ምብራቕ፡ ሰሜን ኣፍሪቃን ገለ ክፋል ኤስያን ኣብ ዝሽፍን ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ንዝርከቡ ኣባላት ሰራዊት ሃገሩ ከም ዝበጽሖም ገሊጹ።

ሬድዮ ሓይልታት ምክልኻል እስራኤል ብወገና፡ ሄግሰት ኣብ ደቡባዊ ክፋል እስራኤል ኣብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ምስ ነታንያሁ ብስቱር ከም እተራኸበ ጸብጺቡ።

ምብጻሕ ሄግሰት ናብ እስራኤል ዝጋዋሕ ዘሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ዝቐደድ ባይቶኣዊ ምርጫ እስራኤል ንናታንያሁ ንምድጋፍ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ‘ትሩዝ ሶሻል’ ናይ ምርጫ ጎስጓስ ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ትራምፕ ኣብ’ቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ኣብ ዘቐደዶ ኲናት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ቀንዲ መሓዛ ሃገሩ ከም ዝነበረ ድሕሪ ምጥቃሱ ኣብ ልዕሊኡ ምሉእ ድጋፍ ከም ዘለዎ ኣብሪሁ።

እስራኤል፡ ድሕሪ’ቲ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ብሓማስ ዝተፈጸመ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ከም’ኡ’ውን ድሕሪ’ቲ ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ዘውረደቶ ህልቂት ንፈለማ እዋን እያ ባይቶኣዊ ምርጫ ከተካይድ ትሸባሸብ ዘላ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቓ | 21/10/2026 | ጎደና ማ.ት.ኣ. -176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲኖማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565